
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 28 ዓመት ቁ.141 ረቡዕ 13 ለካቲት 2019 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ቋንቋ ኣኣንገድትና ከመይ ኣሎ?


ገጽ 5
ዓንኬል ልቦና





ገጽ 8
ባንዴራና፡ ክብራ ክሕለወላ ይግባእ!






ገጽ 9
ዕውትቲ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ . . .





ገጽ 10
ኤለክትሪክ ኣብ ዓድታት ን/ዞባ ደባርዋ




# ኤርትራዊ - ሩስያዊ ኣለክሳንደር ፑሽኪን ተዘኪሩ

መበል 182 ዓመት ዝኽሪ ኤርትራዊ ሩስያዊ ገጣምን ደራሲን ኣሌክሳንደር ሰርገቪች ፑሽኪን፡ ብ11 ለካቲት ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣብ ዝተተኽለ ሓወልቱ ተኻዪዱ።

ኣብቲ ኣምባሳደር ሩሲያ፡ ኣባላት ማሕበር ኤርትራውያን ምሩቓት ዩኒቨርስቲ ሕብረት-ሶቬት፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ጣልያን፡ ዲፕሎማሰኛታትን ዕድመ ዝተገብረሎም ካልኦትን ዝተረኽብሉ ዝኽሪ፡ ኣምባሳደር ፈደረሽን ሩሲያ ኣብ ኤርትራ ሚስተር ዓዚም ያራኽመዶቭ፡ ኣብ ፍልስፍና፡ ኣብ ዝምድናታት ደቂ-ሰብ፡ ሂወት፡ ኣነባብራን ናጽነት ህዝብታትን ኣተኲሩ ዝተጻሕፈ ግጥምታት ፑሽኪን ኣብ መላእ ዓለም ተነቢበን ኣብ ልቢታት ዝሰረጸን ምዃኑ ሓቢሩ።

ዝኽሪ ናይ'ዚ ዓቢ ገጣምን ጸሓፍን ኣብ ኣስመራ ምዝካሩ - ሓበን ክምዝስምዖ ድሕሪ ምግላጽ ከኣ፡ እዚ ንዝምድናታት ኤርትራን ፈደረሽን ሩሲያን ዝድርዕ ምዃኑ ኣብሪሁ።



ስ/ ዳኒኤል ወልዱ

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ካብ ግጥምታት ፑሽኪን - ብቋንቋ ሩሲያ ተነቢቡ፡ ትርጉሙ ብቛንቋታት ትግርኛ፡ ሰጳኛ፡ ፈረንሳ፡ ጣልያንን እንግሊዝን ተገሊጹ። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ሓወልቲ ሕቡፍ ዕንበባ ተነቢሩ።

ሓረግ ኣሌክሳንደር ሰርገቪች ፑሽኪን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ካብ እትርከብ ዓዲ-ሎጎ ኮይኑ፡ ኣቦኡ ሂኒባል ኣብ ታሪኽ ሩሲያ ናይ ጀነራል ማዕርግ ከምዝበጽሐ ኣብቲ ኣጋጣሚ ተሓቢሩ።

# ማእከል - 20 ስንኩላን ደቂ-ኣንስትዮ ብጥሪት ተጣይሰን

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ (ሃ.ማ.ሓ.ስ.ኩ.ኤ)፡ ኣብ ዞባ ማእከል - ን20 ደቂ-ኣንስትዮ ኣባላቱ ብመልክዕ ዘዋሪ ልቓሕ ብጥሪት ናይ ምጥያስ መደብ ኣጠሲሑ።

እቲ ነተን ደቂ-ኣንስትዮ ንመግዚኢ ጥሪት ብ7 ለካቲት ዝተዓደለ ገንዘብ፡ ብዓዱሳት ኣባላት ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ነበርቲ እስራኤል ካብ ዝተበርከተ 19,650 ዶላር ኮይኑ፡ ንነፍሲ-ወከፈን ካብ 8 ክሳብ 10 ኣጣል ክዕድጋ ዝኽእል 12 ሽሕን 500 ናቕፋ እዩ ተዋሂቡወን።

እቲ ፕሮጀክት፡ ኣካልን መቕጸልታን ናይ'ቲ ኩነታት መነባብሮ ሓርበኛታት ስንኩላን ብሓፈሻ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ንምምሕያሽ ክትግበር ዝጸንሐ መደባት ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቦ-መንበር ማሕበር፡ መምህር ገብረብርሃን ኢያሱ፡ ብኣታዊታተን ዝነበራ ስድራ-ቤታት ንምትብባዕን ንምፍጣርን ዝዓለመ ከምዝኾነ ሓቢሩ።



ስ/ ሳልሕ ዓብደልቓድር

ሓላፊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ዞባ ማእከል፡ ኣቶ ተስፋሚካኤል ሃይለ ብወገኑ፡ እዚ ሎሚ ብዞባ ማእከል ተጀሚሩ ዘሎ ፕሮጀክት፡ ውጽኢቱ ተራእዩ ኣብተን ካልኦት ዞባታት ክቕጽል ምዃኑ ብምሕባር፡ ተጠቀምቲ ኩይነን ዘለዋ ኣባላት ማሕበር፡ ኣበርቲዐን ክሰርሓ ተላብዩ።

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ፡ ኣብ ዞባታት ጋሽ-ባርካ፡ ዓንሰባን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ብሰረገላ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ብምርባሕ ጥሪት፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብሕርሻ - ናይ ምጥያስ መደባት ከሳሲል ምጽንሐ፡ ወለድ ዘይብሉ ናይ ልቓሕ ዕድላት ብምኽፋት እውን ኣባላቱ ክምዝሓገዘ ሰነዳቱ ይሕብሩ።

# ኣስመራ - ማእከል ትምህርትን ዳህሳስን ስልጠና ሂቡ

ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝጽለ ኣብ ከተማ ኣስመራ - ቀጽሪ ኤክስፖ ዝርከብ ማእከል ትምህርትን ዳህሳስን ን60 ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ፡ ኣብ ምምጥጣም ሮቦታትን ምድላው ፕሮግራምን ዘተኩረ ናይ ክልተ ሰሙን ስልጠና ሂቡ።

ዕላማ'ቲ ማእከል፡ ተመሃሮ ዘመናዊ መሳርሒታት ተጠቒሞም፡ ናይ ምምሃርን ምምርማርን ባህሊ ክሰርጽምን ንኣሽቱ ሓባራዊ ፕሮጀክትታት ክሰርሑ ንምትብባዖምን ምዃኑ፡ ካብ ኣቦ-መንበር'ቲ ማእከል መምህር ሰልጠነ ባህታ፡ ብ8 ለካቲት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምምራቕ ሓቢሩ።

እቲ ማእከል፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ እዋን ፈስቲቫል ጥራይ ኣገልግሎት ክህብ ከም ዝጸንሐ ጠቒሱ ድማ፡ ካብ 2017/18 ጀሚሩ ግና ብጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ንዝተሰለዩ ተመሃሮ፡ ኣብ ናይ ሰሚስተር ዕረፍቲን ክረምትን ስሩዕ ኣገልግሎት ይህብ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ሰልጠንቲ፡ ዝቐሰሙዎ ትምህርቲ ንዝበርኽ ድሩት ኣፍልጦ ዘለዊ ኮይኑ ከም ዝረኸቡዎ ብምሕባር፡ ኣብ ቀጻሊ ብዝሰፍሐ ዝቕጽል መንገዲ ክናደ ተላብዮም።



ሰ/ ዳኒኤል ወልዱ

# ኣብ እምኒ - ሓይሊን ጾሮናን ምርጫታት ተኻዩዱ

ኣብ ንኡሳን ዞባታት እምኒ-ሓይሊን ጾሮናን፡ ምርጫታት ደያኑ ኮማዊ ኣቢያተ-ፍርድን ሽማግሌታት ዕርቅን ተኻዪዱ።

ኣብቲ ልዑል ተሳትፎ ህዝቢ ዝነበሮ ምርጫ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ 14 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከባኦም 31፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጾሮና ድማ 9 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከቡኦም 24 ደያኑ ኮማዊ ኣቢያተ-ፍርድን ሽማግለ ዕርቅን ከም እተመርጹ፡ ወኪልቲ ኣሪና ሓቢሮም።

ኣመሓደርቲ ናይተን ንኡሳን ዞባታት፡ ኣቶ ኣብርሃም መኮንን ኣቶ ኢዮብ ተስፋሚካኤልን፡ ዕላማ'ቲ ምርጫ፡ ህዝቢ ባዕሉ ብዝመረጾም ደያኑን ሽማግሌታትን ኣብ ዕርቂ ዝተመርኩሰ ኣገልግሎት ፍትሒ ብቐረባ ክረክብ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣቐዲሙ ዝተዋህበ ኣስተምህሮታት ኣብ ምዕዋት'ቲ መስርሕ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከም ዝነበሮ ገሊጾም።

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ኣቐዲመን 11 ዝነበራ መጋባእያታት ናብ 7፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ጾሮና ድማ ካብ 9 ናብ 6 ከም ዝወረዳ እቲ ሓበሬታ የረድእ።

# ሞያውያን፡ ኣብ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ምኽሪ ይልግሱ

መድሃኒት ካብ'ቲ ብበዓል ሞያ ዝተዋህበ መምርሒ ወጻኢ ምስ ዝውሰድ፡ ከቢድ ጥዕናዊ ሳዕቤን ስለዘኸትል፡ ኣብ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጥንቃቐን ዕቱብነትን ክህሉ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ክፍሊ ፋርማሲ - ፋርማሲስት ሓጐስ ዘርኣሃይማኖት ኣገዲሱ።

ፋርማሲስት ሓጐስ፡ መድሃኒት ብበዓል ሞያ ምስ ተኣዘዘ፡ ብግቡእ ዓቐንን ኣብ'ቲ ግቡእ ግዜኡን ምስ ዘይውሰድ፡ ኣንጻር'ቲ ፈዋስነቱ ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ምዃኑ ብምሕባር፡ ብፍላይ ጸረ-ባክተርያ መድሃኒት ብዘይፍቓድ በዓል ሞያ ከይወሰድ ሞያዊ ምኽሩ ሂቡ።

መድሃኒት ዝወድቐሉ ዕለት ምፍላጥን ኣገባብ ኣተሓሕዛኡ ብግቡእ ምርዳእን፡ ኣገዳስነቱ ኣብ ፈዋስነት ብምጥቃስ፡ እቲ ንሱ ዝመርሖ ክፍሊ፡ መድሃኒት ምሃብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣሃዱ ምቁጽጻር ጎናዊ ሳዕቤን ከም ዘሎዎ ብምጥቃስ፡ ምስ ኩለን ትካላት ጥዕና ብምውህሃድ ዓብይ ዕማማት የሰላስል ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ 3 ፈርማሲ፡ 4 ኣብያተ-መሸጣ መድሃኒት፡ 21 ድማ ናይ ገጠር ኣብያተ-መድሃኒት ከም ዘለዋ፡ ብብግዚኡ ድማ ኩነታተን ንምክትታል ኣድላዪ ናይ ምቍጽጻር ስራሕ ከም ዝካየድ፡ መኣዝዚ መድሃኒት ሰነድ ዘይምትራፍ፡ ዋጋታት ወሲኽካ ምሻጥን ቅብሊት ዘይምሃብን ዝኣመሰሉ ጉድለታት ኣብ ዝርኣዩሉ ኩሉ፡ ኣድላዪ ስጉምቲ ከም ዝውሰድ ገሊጹ።

ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ መድሃኒትን ተጠቃምነቱን እናበረኸ ምምጻኡ ዝሓበረ ወናኒ ፋርማሲ - ፈርማሲስት ሙሴ ጸጋይ፡ ናብቲ ዝድለ ደረጃ ንምብጻሕ ግን ገና ሓያል ጻዕሪ ከም ዘድሊ ኣረዲኡ።

# ገረንፊት - ሓደጋ ባርዕ ዕንወት ኣውሪዱ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ገረንፊት - ንኡስ ዞባ ሳዕሊይ ጋሽ፡ ብ8 ለካቲት ኣብ ሰዓታት ድሕረ-ቐትሪ ዝተኸሰተ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ፡ ንዋታዊ ዕንወት ኣውሪዱ።

በቲ ሓደጋ፡ 25 ኣጒዱ ናይ 22 ስድራ-ቤታት ምስ ምሉእ ንብረቱ ከም እተቓጸለ ዝሓበረ ኣባል መደበር ፖሊስ ኣውጋሮ፡ መንእሰይ ጉብኡ የማ፡ ጠንቂ ናይቲ ባርዕ ከይጠፍአ ዝጸንሐ ቁልዒ ሓዊ ክኸውን ከም ዝኽእል ገሊጹ። ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ግዘ ተኣኪቡ ዝጸንሐ ቃንጫን ሳዕርን ነቲ ሓደጋ ከም ዘጋደዶ እውን ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ሸሻይ ሃይሉ፡ ብሰንኪ'ቲ ባርዕ ዛጊት መጠኑ ብልክዕ ዘይተፈልጠ ኣጕላትን ካልእ ንብረትን ከም እተቓጸለ፡ ኣብ ህይወት ሰብ ዝወረደ ጉድኣት ግን ከም ዘየለ ገሊጹ። ግዳያት ባርዕ ዝኾና ስድራ-ቤታት ብዘይ መጽለሊ ተሪፈን ብምህላወን፡ ህዝብን ምምሕዳርን ንምሕጋዘን ቅልጡፍ ስጉምቲ ክወስዱ ድማ ኣተሓሳሰበ።

ምሉእ ትሕዝቶኦም ከም እተቓጸለ ዝገለጹ ግዳያት፡ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስትን ህዝብን ክሕግዙዎም ተማሕጺኖም ኣለው።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ኤርምያስ ገብረልዑል

ሺሃብ ኣርኣያ

ቍ.ስ 201820 (2214)

ፋክስ። 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

ለይ-ኣውት

ኤደን ሃብተኣብ

ሳምራዊት መለስ

ሰመያዊት ሓይለኣብ

ሳራ ኣለም

ለድያ ስልጣን


## ለማዊ መደባት ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ደኩመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:40 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 14:20 | ፓኖራማ |
| 15:00 | ዕላል ጥበባት |
| 15:35 | ደኩመንታሪ |
| 16:20 | ሙ/ድራማ |
| 17:20 | ህርመት |
| 18:35 | ማእገር |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ቴራብ /ገሉብ ደሐን |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ሕጊ ንሲኒትን ንዕበዮትን |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | መላምሕ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |




ዕርዲ ኢሳይያስ

# ቋንቋ ኣኣንገድትና ከመይ ኣሎ?

1ይ ክፋል

ውጽኢታዊ ምብህሃል (effective communication)፡ ብፍላይ ኣብ ኢንዱስትሪ እንግዶት ንዝሰርሑ ሰባት መሰረታውን ኣገዳስን እዩ። ኩሉም ወሃኒቲ ኣካየድቲ ሰራሕን ሰራሕተኛታትን ወሃብቲ ኣገልግሎት - ማለት ወኪላት ጉዕዞ፡ ሆቴላት፡ ኣብያተ መግቢን መስተን፡ ካፊታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝኾነ ምስ ዓማዊል ዘራኽብ ኣብያተ ጽሕፈት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ክዋዝዘቡዎ ዝጥዕሞ ሓቂ ኣሎ። ንሱ ድማ፡ ናይ ስርሖም ዓወት ንኣጋይሽም ኣብ ዝህቡዎ ዓይነታዊ ኣገልግሎትን ዘረጋግጹዎ ዕግበት ኣጋይሽን ዝምርኮሰ ምዃኑ እዩ። ብቑዕ እንግዶት ኣጋይሽ ንኸረጋግጽ ድማ ናይ ምብህሃል ክእለት ሰራሕተኛታት ወሃብቲ ኣገልግሎት ክድንፍዕ ይግባእ። ኣብ ኢንዱስትሪ እንግዶት ዝሰርሕ ዝኾነ ሰራሕተኛ እምብኣር ልዑል ናይ ምብህሃል ምልከት ከጥሪ ብኣጋይሽን ቡቲ ሞያን ትጽቢት ይግበረሉ።

ንሎሚ ዓምዲ ኤራ-ቱሪዝም፡ መሰረታዊ ኣምር ምብህሃል ዝሕመረቱ ጽሑፍ እዩ ከኣንግደኩም። ኣብ ዝቕጽል ክፋላት ድማ ምብህሃል ምስ ዝተፈላለዩ መዳያት ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ብዘዕባ ዘለዎ ዝምድናን ኣፈታትሓ ትካላዊ መሰናኽላት ምብህሃልን ክበዝሕ እዩ። እዚ ጽሑፍ፡ ሰራሕተኛታት ወሃብቲ ኣገልግሎት ብፍላይ ድማ ኣሳሲዩቲ ኣምር ምብህሃል ብዕምቈት ክዋዝዘቡዎን ኣብ መዓልታዊ ስርሖም ብዝጥዕሞ ከዘውትሩዎን ዕላማ ዝገበረ እዩ።

ረብሓታት ውጽኢታዊ ምብህሃል

ምልከት ውጽኢታዊ ምብህሃል ኣብ ኢንዱስትሪ ኣኣንጋድነት ንዝጥፍኡ ሰራሕተኛታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ዝኾነ ካልእ ሞያ ንዝጥፍ ሰብ ከይተረፈ እውን ኣርባሒ እዩ። ኣብ ሕብረተሰብና 'ጓልኩም ሃቡና' ንኽትብል ካብ ሰድራቤት እንዳ ወዲ እትልኣኽ ጉጅለ ሽማግሌታት፡ ውሑዳት ካብ ኣባላታ ምስላታትን ብሂላትን እናሓወሱ ናይ ምዝራብ ጥበብ ዘለዎም ናይ ምብህሃል ክኢላታት ክኾኑ ትጽቢት ዝግበረሎም እዮም። ዝኾነ ብልዙብ መልሓሰ ንኣንጻር ወገን ናይ ምእማን ብቕዓት ዘለዎም ሽማግሌታት፡ ናብ እንዳ ጓል ዘምጽኦም ጉዳይ ዛዚሞም ናብታ ዝልኣኹዎም ሰድራቤት እንዳ ወዲ ምስ ተመልሱ ዝልገሰሎም ክብረት ድማ ካብ ብጹዩም ሕልፍ ዝበለ እዩ። ረብሓታት ምብህሃል ብርክት ዝበሉ እኳ እንተኾኑ፡ እዞም ዝስዕቡ ግን እቶም መሰረታውያን እዮም።

1. ሓበሬታ ንምትሕልላፍ፦ እቲ ቀንዲን መሰረታውን ረብሓ ውጽኢታዊ ምብህሃል፡ መልእኽቲ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ፡ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ፡ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ሓደ ዓይነት ደረጃ ንዝርከቡ ኣባላት ትካል ከም ዝመሓላለፍ ንምግባር እዩ። ኣብ መንጎ ዓሚልን ኣሳላፊን ሰራሕተኛን ኣካያዲ ሰራሕን፡ ዋናን ኣካያዲ ሰራሕን ዝመሓላለፍ መልእኽቲ ሓደ ኣብነት ናይ'ዚ እዩ።


2. ንሓብራዊ ርድኢት፦ ኣብ ዝኾነ ትካል ውጽኢታዊ ምብህሃል ምስ ዝሃሉ፡ ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታ ዘለዎም ሰራሕተኛታት ናይቲ ትካል፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ትካል (ሰራሕ) ዘለዎም ርድኢት ሓባራዊ ንክኸውን ዝሕግዝ ምዃኑ እውን ተወሳኺ ረብሓ ናይ ውጽኢታዊ ምብህሃል እዩ።

3. ሓሳባት ንምክፋል፦ ኣብ ዝኾነ ትካል መሰርሕ ምብህሃል እንተ ዘይሃልዩ፡ ሰራሕ ክሀሉ ኣይክእልን። ምኽንያቱ፡ ካብ ሓንጎል ዝምንጩ ሓሳብ ብመንገዲ ምብህሃል ናብ ሰራሕተኛ እንተ ዘይተመሓላለፉ፡ ሓሳባት ናብ ዝጭብጥ ሰራሕ ከይተለወጠ ሓሳባት ጥራይ ኮይኑ እዩ ዝተርፍ። ንኣብነት ወናኒ ወይ ኣካያዲ ሰራሕ ናይ ሓደ ቤት-መግቢ፡ ብመንገዲ ቀጻሊ ርክባትን ኣኼባታትን ንግዳዊ ዕላማን ውጥንን ናይ ቤላበለውን ተመርኩሶ ክፍታሕ ዝሀቀን ሸግር፡ ሓደገኛ ሳዕቤን ከምጽእ እንተ ዘይኮይኑ፡ ዘምጽኦ ፍታሕ የለን። ከምቲ ሓደ ዳኛ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ሓበሬታ ምንጮታት ምርኩሱ ብምግባር ውሳኔ ዝህብ፡ ሓደ ኣካያዲ ሰራሕ'ውን ኣሻማዊ ውሳኔ ንምውሳድ፡ ካብ ክልተ ኣንጻር ጫፋት ዝምንጩ ሓበሬታ ብምምርማር እቲ ቅኑዕ ሓበሬታ ክረኽበን ናብ ውሳኔ ክበጽሕን ግዴታ ኣለዎ። ነዚ ንምግባር ግዳ ወሃኒቲ ወይ ኣካየድቲ ሰራሕ፡ ኣብ ትካሎም ልዑል ናይ ምብህሃል መንፈስ ናይ ምስራጽ ግዴታ ኣለዎም።

ከም ውጽኢት ናይዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ረብሓታት፡ ልዑል ናይ ምብህሃል ክእለት ምስ ኣጋይሽናን መሳርሕትናን ምስ እነዘውትር፡ ውሑስን ናይ ሰራሕ መንፈስ ዝዕብለሉ ናይ ሰራሕ ሃዋህው ክንሃንጽን ብመንጽሩ ድማ ትካሉ ንሰራሕተኛታቱ ከፍልጥ እንተ ዘይክኢሉ፡ ዕላማታትን ውጥናትን ትካሉ ኣብ ወረቐት ካብ ምስፋር ሓሊፎም ዝሩብሩዎ ቁምነገር የብሎምን።

4. ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታት ዝምድናታት ንምድንፋዕ፦ ከም ዝፍለጥ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታት ፍቕርን ስኒትን ምስ ዘይህሉ፡ ኣብ ኣፍራይነት ትካል ዝጥቀስ ውጽኢት ክረጋገጽ ዝሕለን ኣይኮነን። ትካላዊ ስኒትን ፍቕርን ንኽረጋገጽ ድማ ብመልክዕ ቀጻሊ ርክባትን ኣኼባታትን፡ ትካላዊ ምብህሃል ክድንፍዕ ግቡእ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ ሰቕታን ኩራን ዝሰፈኖ ሆቴል፡ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታት ሃናጺ ናይ ሰራሕ ዝምድናታትን ምድግጋፍን ክህሉ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ብተወሳኺ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ትካል፡ ሰራሕተኛታት ንሓድሕዶም ዘቃቕፍሉን ሓሳብ ንሓሳብ ዝለዋወጡሉን ቀጻሊ ኣኼባታት ምስ ዘይህሉ፡ ሕሜታን ትሕም-ትሕምን ኣብቲ ትካል ክሰገስ ዘሎ ተኽእሎ ርሒብ እዩ። ነዚ ከምዚኣም ዝኣመሰሉ ኣሉታውያን ሳዕቤናት ንምውጋድ እምብኣር፡ ብመገዲ ቀጻሊ ኣኼባታትን ርክባትን ኣብ ትካል ዘላቒ ስርዓት ምብህሃል ክረጋገጽ ኣገዳሲ እዩ።

5. ጸገማት ንምፍታሕን ናብ ውሳኔ ንምብጻሕን፦ ኣብ ወረን እቶትናን መኽሰብናን ከዕብን ንኽእል ኢና። እቲ ምንታይ'ሲ፡ ውጽኢታዊ ምብህሃል ዝዓሰሎ ትካል ብኣጋይሽ ፍቱው ክኸውን ግዜ ስለ ዘይወስደሉ።



መንገድታት ምብህሃል

ኣብ ዓውዲ ምብህሃል ዘገልግሉና ኣርባዕተ ቀንዲ መተሓላለፍቲ መገድታት - ምዝራብ፡ ምስማዕ፡ ምንባብን ምጽሓፍን እዮም። ዝኾነ ኣብ ናይ እንግዶት ትካል ዝጽዱ ሰብ ናይዞም ዝተጠቕሱ መገድታት ምብህሃል ብቕዓት ምስ ዝህልዎ ምስ መሳርሕቱን ኣጋይሹን ዝህልዎ ዝምድና ክድንፍዕ ይሕግዝ። ንኣብነት፡ ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ብቕዓት ዝጎድሎ ኣሳሳዪ ምስቲ ኣብ ኢንዱስትሪ እንግዶት ግሉን ዝኾነ ኣሰራርሓ ረሲፒ ክሰርሕ ክጽገም ይኽእል እዩ። ወዮ ደኣ ኣብ ሃገርና ብዙሕ ግሉን ኣይኮነን እምበር፡ ኣብ ትካል ወሃብቲ ኣገልግሎት ብመገዲ ምጽሓፍ ንምብህሃል ካብ ዘገልግል መሳርሒታት ሓደ ረሲፒ እዩ። ረሲፒ ሓደ ዓሚል ጠለብ ኣብ ዘቕርበሉ እዋን፡ እቲ ኣሳሳዪ ነቲ ዘቕርበሉ ጠለብ ዝጽሕፈሉ ንእሽቶ ጥራዝ እዩ።

መስርሕ ምብህሃል

ምብህሃል ብውጽኢታዊ መንገዲ ንኽፍጸም እንተውሓደ ልኣኻይ፡ ተቐባላይ፡ መተሓላለፊ መገዲን ግብረ-መልስን ክህልዉን ብዝጥዕሞ ክዋደዱን ኣለዎም። ልኣኻይ ዝብህል ናብ ተቐባላይ ከመሓላልፎ ዝደለዮ ሓሳብ ካብ ሓንጎሉ ዘንቅል ሓደ ባእታ ናይ ምብህሃል ኮይኑ፡ ቅድሚ መልእኽቱ ናብ ተቐባላይ ምልኣኹ፡ ሓሳቡ ናብ ቃላት፡ ድምጺ፡ ገጻውን ኣካላውን መግለጺ ክቕይሮ ይግደድ። ንኣብነት ኣብ ሓደ ቤት-መስተ ዝተፈላለዩ ድሕረ-ባይታ ዘለዎም ሰራሕተኛታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። በዚ ምኽንያት ካብ ኣጋይሽ ናብዞም ሰራሕተኛታት ዝልኣኽ መልእኽቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ሰራሕተኛታት ትካል ዝተፈላለየ ትርጉም (መረዳእታ) ክህልዎ ይኽእል እዩ። ስለዚ ልኣኻይ መልእኽቱ ካብ ሓሳብ ናብ ቃላት ወይ ናብ ምልክት ቅድሚ ምቕያሩ፡ ብዛዕባ ተቐባላይን ድሕረ-ባይትኡን ዝጥዕም ርድኢት ክህልዎ ትጽቢት ይግበር። ንኣብነት፡ ኣሳሳዪ ካብ ዓሚል ንዝተቐበሎ መረረ መልሲ ኣብ ዝህበሉ እዋን፡ ኣሳሳዪ ንክኸኒ ጠለብ ኣብ ዘቕርበሉ እዋን፡ ኣካያዲ ሰራሕ ንሓላፊት ጽሬት መምርሒታት ኣብ ዝህበሉ እዋን ብመዳይ ዓውዲ ምብህሃል ክረኣዩ እንክለዉ ልኣኽቲ ሓበሬታ እዮም።

መልእኽቲ ኣብ ሓንጎል ልኣኻይ መንጭዩ ናብ ልኣኻይ ዝልኣኽ ሓበሬታ ኮይኑ፡ ናይ ዘረባ፡ ጽሑፍ ወይ ስእሊ መልክዕ ሒዙ ክልኣኽ ይኽእል እዩ። መልእኽቲ ናብ ተቐባላይ ክበጽሕ እንከሎ ድማ ዝርኣ ወይ ዝሰማዕ ወይ'ውን ብኽልቲኡ መገዲ ክኸውን ይኽእል። ዝኾነ መልእኽቲ፡ ቃላዊን ዘይቃላዊን ወይ'ውን ናይ ክልቲኡ መልክዓት ዝሓዘ ኮይኑ፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትናን ሰራሕናን ካብቲ ቃላዊ እቲ ዘይቃላዊ መልእኽቲ ዝያዳ ከም ዝዕብልልን ዝያዳ ውጽኢታዊ ምዃኑን፡ ኣብዚ ዓውዲ ዝተኻየዱ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት የረድኡ። ንኣብነት፡ ፍሽኽታ ካብቶም ማረኽቲ ኣገባባት ናይ ዘይቃላዊ ምብህሃል ሓደ እዩ። ኣብ ሕብረተሰብና ዝውቱር ዝኾነ "ካብ ፍትፍቱ፡ ፊቱ" ዝብል ምስላ እውን ፍሽኽታ ኣብ መስርሕ ምብህሃል ንዘህልዎ ረብሓ ዝገልጽ እዩ። ኣገልግሎትና ብዝኸም ንዘመጹ ኣጋይሽ ብምቕሉልነትን ፍሽኽታን ምስ እነገልግሎም፡ ኣብ ኣጋይሽና ዘሎና ፍቕርን ተገዳስነትን ክንጽረሎም ናይ ግድን እዩ። ብተወሳኺ፡ ፍሽኽታ ንዓና ብዘይርድኡና መገዲ ሓንጎልና ኢንዶርፊን ሆርሞን ብምምንጫው ሓጎስ ከም ዝስምዓና ዝገብር ኣጉቡብ እዩ። እዚ ዋጋ ዘይክፈሎን ዘይተኣደነ ሰባውን ፊናንሳውን መኽሰብ ዘርክቦን ዓለምለኻዊ ቋንቋ ዝኾነ ፍሽኽታ እምብኣር፡ ጠቓሚ ወፍሪ ኣብ ንግዳዊ ገስጋስን ውልቃዊ ጥዕናን ብምዃኑ ክንለማመዶን ከነዘውትሮን ይግባእ።

ምብህሃል ውጽኢታዊ ኮይኑ ተመሓላሊፉ ክብሃል ዝኽእል፡ መልእኽቲ ኣብ ሓንጎል ተቐባላይ ብምብጻሕ ክትርጎም ጥራይ ዘይኮነ ብምብጻሕ ክሰርጽ ምስ ዝኽእል እዩ። ወላ'ውን ልኣኻይ ሓሳቡ ናብ ቃላት ክቕይር እንተ ተዓወተ፡ ተቐባላይ ሓበሬታ ተቐቢሉ ብምብጻሕ ናብ ሓሳባት ኣብ ምቕያር ዘይክዕወት ይኽእል እዩ። ወይ'ውን ሓሳብ ናብ ቃላት ኣብ ምቕያር ድኽመት ክፍጠር ይኽእል እዩ። በዚ ድማ እቲ ዝመሓላለፍ መልእኽቲ ዕላምኡ ከይሃረመ ክተርፍ ናይ ግድን ይኸውን። ስለዚ እምብኣር፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተባህለ፡ ልኣኻይ፡ መልእኽቱ ናብ ተቐባላይ ቅድሚ ምትሕልላፉ፡ ብዛዕባ ድሕረ-ባይታ ተቐባላይ ዝድለ መጽናዕቲ ክካየድ ሓጊዚ እዩ።

ግብረ-መልሲ፡ ብልኣኻይ ዝተላእከ መልእኽቲ ክሳብ ክንደይ ኣብ ተቐባላይ ኣድማዒ ስምብራት ገዲፉ ግምት ዝህብ ናይ ምብህሃል መስርሕ እዩ። ልኣኻይ፡ መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ ምስ ወድአ ዝስዕቦ ኣቓፈታ፡ ሓደ ኣካል ናይ ግብረ-መልሲ እዩ። ዝጠዘሐ እዋን፡ ምስ ኣጋይሽ ርኹብ ኣብ ዘለወን ዝተፈላለያ ትካላት እንሰርሕ ሰራሕተኛታት፡ ብዓማዊል ኣብ እንንቀፈሉ እዋን፡ ነቲ ዝብህል ዘሎ ጥርዓን (ነቐፌታ) ክንቅበሎ ስለ እንሽገር፡ ነቲ ነቐፌታ ንሰምዖ ግን ኣይንረድኦን። በዚ ድማ እቲ ሃናጺ ክኸውን ዝግብኦ ዝነበረ ርእይቶን ነቐፌታን ኣብ ግብሪ ከይወዓለ፡ እቲ ሸግር ድማ ከይተፈትሐ ይቕጽል። ካብ ኣጋይሽ ወይ ካብ መሳርሕትና ጥርዓን ወይ ነቐፌታ ኣብ ዝቐርበልና እዋን ስምዒትካ ዘይምቁጽጻር፡ ንነቓፊ ምኽላፍ፡ ጌጋኻ ዘይምቕባል፡ ተመሊስካ ንነቓፊ ምውቃስ፡ ኣርእስቲ ክትቕይር ምፍታን፡ ካብ ጋሻ ጥርዓን እናመጸካ ብዛዕባ ትምልሶ ምሕሳብ ...ወዘተ ከወግዶም ካብ ዝግባኦም ኣሉታውያን ልምድታት እዮም።

ግብረ-መልሲ እንተዘይሃልዩ፡ ምብህሃል የለን። ንኣብነት፡ ዓሚል ዝደለዮ ጠለብ ድሕሪ ምእዛዙ፡ እቲ ዝኣዘዞ ጠለብ ደጊምካ ብምሕታት ንእተቕርበሉ ኣገልግሎት ምርግጋጽ ኣገዳሲ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ ኣብቲ ጋሻ ዘለካ ተገዳስነትን ክብርን ዘረጋግጽ እዩ። ንሰመናዊ ይኹን ወርሓዊ ንጥፈታትካ ክትግምግም ኣኼባ ኣብ እተካይደሉ እዋን፡ ልኡም ኴንካ ኣብ ክንዲ ምውዓል፡ ብዛዕባ ዝቐረበ ገምጋም ስራሕ ዘለካ ርእይቶ ምፍሳስ'ውን ናይ ስራሕ ተገዳስነትካ ዘጕልሕ ብምዃኑ ክስዓብ ዝግብኦ ልምዲ እዩ።

ንኹሎም ኣጋይሽና ዕድሚኦም፡ እምነቶም፡ መበቆሎም፡ ባህሎም፡ ቁጠባዊ ድሕረ-ባይታኦም ብዘየገድስ ብኣገባብ ከሳስዮም ምስ እንበቅዕ ብተደጋጋሚ ክመላለሱና ግድን እዩ። በጺሕቲ ብመጠን ዝሕጎስዎን ዝዐገቡዎን ዝያዳ ወጻኢ ክገብሩ ስለ ዝድረኹ ድማ ኣታዊታት ትካል ብዝተዓጻጸፈ ክዓቢን ምስኡ ተደሪቡ ዝመጽእ ተወሳኺ ረብሓታት ክንቋደስን ክንክእል ኢና።

ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝዳሎ ዓምዲ

# ዕላል ምስ ታሪኽ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

# ካብ ወጥሪ ናብ ወጥሪ - መወዳእታኡ...



## ካልኣይ ክፋል

ኣብ መንጎ ሰወኣት ከሎ፡ ጸሓይ ዓረበት። ካብ'ቲ ከበቢ. ወጺኡ ናብ ውሑስ ቦታ ዝኸዱሉ እዋን ኣብ ግዜ ጸልም ጥራይ እንተ ኸይኑ፡ ጸልም እውን ምሉእ ብምሉእ ውሑስ ከም ዘይኮነ ይፈልጥ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ከበቢ. ወተሃደራት ተዘራእሞ እዩም። ብድድ ኢሉ፡ ኣንፈት ንኽመርጽ የማጉጸጋሙ ብኣዒንቱ ዳህሰሰ። ናብ ብጾቱ ክብጽሖ ዝኽእል ኣንፈት ክመርጽ ኣለዎ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ብዘለኽለኽን ውግእን ብጥሜትን ጽምኢ. ማይን. . . ዘድኸመ ኣካላቱ ነዊሕ ኩሉል ክጻወር ይኽእልን ኣይክእልን ርግጸኛ ኣይኮነን።

ምስ ጸልምን ድኻምን ኣንፈቱ ክፈልጥ ተጸገመ። እታ ዕድል ሸዓ ብምኳና ግዜ ክወስድ ከም ዘይብሉ ስለ ዝኣመነ ግን፡ ብኡ ንብኡ ነቕለ። እናተጸናጸነ ብዓይኒ ጸልም ክርእዮ ዝኽእል ርሕቀት እናፈተሸ ጉዕዞ ተተሓሓዘ። ኣብ ዝሓለፎ መዓስከራት ሰራዊት ደርግ ጎፍ እናበለ፡ ተጠወዩ ንኽሓልፍ ዚያዳ ጸዓት እናጥፈአ ቀጸለ። ምሉእ ለይቲ እናተጠዋወየን ብዘይዕረፍትን ኣብ ጉዕዞ ሓደረ። ዕድል ገይሩ ድማ ንጽባሒቱ ኣብ'ቲ ብጾቱ ዝነበሩዎ ኣሶማጥ በጽሐ። ምስ ኣሃዱኡ ድማ ተጸንበረ።

ብጾቱ "ምስ'ቶም ዝተሰውኡዶ ዝተማረኹ ይኸውን?" ክብሉ ኣብ ዘይተፈትሐ ግድል እዮም ጸኒሖም። እንተ ኸነ ግን ንሕቶኦም ባዕሉ ክምልሰ ብሂወቱ ደበኽ ምስ በሎም ሓሓቐፍም ሰዓሙዎ።

ተስፋይ፡ ካብ'ቲ ናይ ሞትን ሂወትን ኣጋጣሚ ምስ ወጸአ ጉዕዞ ገድሊ. ቀጸለ። ገድሊ፡ ካብ ረመጽ ናብ ረመጽ፡ ካብ ማሰገደል ናብ ማሰገደል ምኻኑ ኣይተረፈን። ብናይ ሓደ እዋን ናይ ሞትን ሕየትን ኣጋጣሚ ዝዘዘም ዘይኮኑ፡ ወትሩ ብናይ ሞትን ሕየትን መንገዲ ዝኸየድ ስለ ዝኾኑ።

ገድልን ውግእን ዘይነጽሉ እንተ ኸውኑ፡ ድሕሪ'ቲ ካብ ኣንፈ ሞት ዝወጽኣሉ መሪር ኩናት፡ ኣብ ከበድ ውግእ ዝጸንሑ ክልተኣየም ሓይልታት፡ እንደገና ክሳብ ዝወዳደቡ ዳርጋ ንሓደ ዓመት ኣብ ተዞግዲ ዕረፍቲ ጸንሐ።



ሰዉእ ተሰፋይ ክፍሉም

ኣብ ጥሪ 1984 ዓ.ም፡ ኣሃዱ በዓል ተሰፋይ ክፍሉም፡ ኣብ ከተማ ተሰነይ መጥቃዕቲ ብምፍናው፡ እልቢ. ዘይብሉ ዕጥቅን ሰንቅን ሰሊቡ ብቐጥታ ናብ ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል ተመልሰ። ኣብ'ቲ እዋኑ እቲ ኣብ ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል ዓሪዱ ዝነበረ ጸላኢ. (እዚ. ውቃው) ንምድምሳሱ ምድላዋት ዝተጀመረሉ እዩ ዝነበረ። ዕርድታት ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ጎላጉል ዝዕብለሉን ሰራዊት ደርግ ንሓሙሽተ ዓመታት ዓሲኩሩ ድልዱል ድፋዓት ዝሃነጸሉን ብምንባሩ፡ ሓያል ብደሆ ከም ዝኸውን ካብ ማንም ዝተኸወለ ኣይነበረን። ኣብ'ቲ ጎላጉል ኣብ ቅድመኡ ዝነበረ ድፋዓት ጸላኢ. ፊትንፊት ምጥጣም፡ ዝትግበር ዘይኮነስ ዝሕሰብ እውን ኣይነበረን። ስለ'ዚ. ኸኣ ረቂቕ ስልቲ ክህንደስ ነይሩዎ። ዋላ'ኳ ሓደኛ ውሳኔ እንተ ነበረ፡ ዝሓሸ ኣማራጺ. ክሳብ ዘይተረኽበ፡ ገለ ኣሃዱታት ብለይቲ ሰሊኾም ናብ ደጀን ጸላኢ. ክኣትዉ. ተወሰነ። ውግእ ኣብ ከበዲ. ጸላኢ. ክፍልም፡ ተረር ዕርድታት ንምፍራስ ክኽፈል ዝግበኦ ማሰዋእቲ ምውሓድ።

እዚ. ውሳነ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ብርጌድ 44፡ ብርጌድ 4፡ ብርጌድ 23 ከምኡ'ውን ኣሃዱ ከበድ ብረት፡ መጥቃዕቲ ክፍንዉ. ተሰለፉ። ኣሃዱታት ብለይቲ፡ ኣሰር ንኸይገድፉ ብሉጻ ጎማጎም ባሕሪ ኣቢሉ ገሰገሱ። እቶም ናብ ደጀን ጸላኢ. ክሰልኩ ዝተመደቡ ኣሃዱታት እውን ብዘይዝኾኑ መኻልፍ ኣብ ቦታኦም በጽሑ። ኣሃዱ ብዓል ተሰፋይ ብርጌድ 23 እውን ቡዚ ተወራሪሰ. ምብራቓዊ ሸነኽ ናይ'ቲ ግንባር ነዊሕ መንገዲ ተጓዒዙ፡ ኣብ ናይ ዘርዮ ሰዓት ኣብ ወሸጢ. ደጀን ጸላኢ. ኣውገትን ከበቡኡን ኣተዉ።

22 ለካቲት 1984 ወጋሕታ፡ ኣብ ከበዲ. ጸላኢ. ውግእ ተጀመረ። ሰራዊት ጸላኢ. ካብ ዕርድታቱ ከይለቐቐ እዋን እንተ ወገሐ፡ ሓደኛ ኩነታት ክሳዕብ ስለ ዝኽእል፡ ኣሃዱታት፡ መሬት ከይወገሐ ከሎ ንጸላኢ. ካብ ዕርድታቱ ክፍንቅላ ነይሩወን።

ውግእ ረሲኑ፡ ምድረ ሰማይ ብምልሕታ ርሳሳት ፈኮሰን ከበድን ብረት ተመልአ። ሃምሃምታ ከበድቲ ኣጻዋር፡ ታንክታት በምባታት ኢድ. . . ንኣውገትን ከበቡኡን ኣናወጾ። ሓይሊ. ጸላኢ፡ ኣብ'ቲ ጎልጎል ድልዱል ዕርድታት ሃጺ እንተ ነበረ'ኳ፡ ካብ ብዙሕ ዕርድታት ተፈንቂሉ ወጽኡ። ኣብ ፈለማ ድማ፡ መጥቃዕቲ ግንባር ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝሰለጠ መሰለ።

መሬት ኣብ ዝወግሓሉ፡ ብገለ ወገን ናይ'ቲ ግንባር፡ ከም'ቲ ዝግበኦ ግስጋስ ኣይተረአየን። ሰራዊት ጸላኢ. ኑየም ብጎልጎል ዘጥቀዑ ተጋደልቲ፡ ኣብ ዕርድታቱ ኰይኑ መኪቶም። ብኡ ንብኡ ኸኣ፡ ኩነታት ክቀያየር ጀመረ። እተንድድ ጸሓይ ረሲ. ፈነወት። ኣሃዱታት ኣብ ሓደጋ ወደቓ። ብሕልፊ እቲ ኣብ ማስመር ጸላኢ. ዝኣተወ ኣሃዱ ኣብ ከበበ ኣተወ። ታንክታት፡ ብዘይከበድ ተቓውሞ ንጸው ነጀው እናበላ ተጋደልቲ ክሃድና ጀመራ። ከበድትን ፈኮስትን ኣጻዋር ሰራዊት ደርጊ ናብ'ቶም መከላኸሊ. ዘይነበሮም ተጋደልቲ ተኻዕወ። ኣብ ጎልጎል ዝተገደሙ ተጋደልቲ ወደቑን ተወግኡን።

ካብኡ ንጸወ፡ ብዙተኻእለ መጠን ካብ ኣፈሙዝ ጸላኢ. ምምላጥ እምበር፡ ካልእ ኣማራጺ. ኣይነበረን። እቶም ኣብ ከበዲ. ጸላኢ. ዝነበሩ ተጋደልቲ ምስ ኩሉ ጸገማት ተቓለሱም፡ ቡዚ ዝኣተውዎ ክምለሱ እንኽለው፡ ብፍላይ እታ ብዓል ተሰፋይ ዝነበሩዋ ኣሃዱ ግን፡ ኣብ ፍጹም ከበበ ስለ ዝኣተወት፡ ናይ ምውጻእ ዕድል ኣመና ጸበበ። የማጉጸጋም፡ ብድሕሪት ብቕድሚት፡ ብኣጻዋርን ሽሕ ሰራዊትን ተለኵተ። እንተ ኾነ ግን ኣብ ኢድ ጸላኢ. ካብ ምውዳቕ፡ ክሳብ እትወድቕ ፈንጢሰካ ምውጻእ፡ እንተዘይተኻኢሉ ድማ ለኪምካ ምስዋእ ዘሞግትእ ምርጫ ተጋደልቲ ነበረ።

ሓያሎ ካብ'ቶም ኣብ ከበበ ዝኣተዉ. ተጋደልቲ፡ ጸላኢ.ኦም እናለከሙ ክስውኡ እንኽለው፡ ስገምቲ ንኽወስዱ ዕድል ዘይረኸቡን ውጉኣትን ድማ ኣብ ኢድ ጸላኢ. ወደቑ። ሰራዊት ደርጊ ተጋደልቲ ምስ ማረኸ፡ ቦታኡ ከም ዘጸገዐ ምስ ኣረጋገጸን መሊሱ ሞራል ደረበ፡ 'ኣሻፈረኝ' በለ።

ተሰፋይ ክፍሉም፡ ኣብ'ቲ ዋላ ሓንቲ መዋጽኦ ዘይረኣየሉ እዋኑ ዘምልጠሉ ብልሓት ኣሰላሰለ። ግና ኩሉ ኣማራጺ. ዕጹው ነበረ። ስለ'ዚ፡ እንተ ክድሕን እንተ ክስዋእ፡ ንግዜኡ ካብ ጸላኢ. ክሰውር ዝኽእል፡ ሰፊር ኣራዊት ዘኮዓም ጥራይ ምኻኑ ተገንዘበ። ንገለ ብጾቱ ሐዚ ኸኣ፡ ኣብ ጎዳጉዲ ወኻርያን ፍሐራን ብምእታው፡ ኣብ ማእከል ሰራዊት ካብ ዓይኒ ጸላኢ. ተሰወሩ።

ተጋደልቲ ኣዝለቕም። ውግእ ኣብቂዐ፡ ተሰፋይን ብጾቱን ግን ኣብ ማእከል ጸላኢ. ተደብዮም ተረፉ። እንተ ዘይተረኽቦም፡ ጸልም ክሳብ ዝኸድን ተጸብዮም ዕድሎም ክፍትኑ እዩ ሓሳቦም። ደሃይ ጸላኢ. እናሰምዑን ኢድ ኣብ ቃታ ገይሮምን ንእዋን ቀትሪ ብሸቐረራ ሓለፉዎ። ጸልም ምስ ኮነ ድማ ብጥንቃቐ ካብ ጉዳጉዲ ወጺኦም ብዘይምድንጓይ ተበገሰ። ብዘመጽኡዎ መንገዲ. ክወጽኡ ከም ዘይክእሉ ስለ ዝተገንዘቡ፡ ጸላኢ. ክታለሉ ዝኽእል ካልእ ሸነኽ እዮም መሪጾም። ብየማናይ ደጀን ጸላኢ. ኣቢሎም፡ ብድሕሪ ጸላኢ. ተኻሊሎም ናብ ቦታኦም ክምለሱ።


ከም መደቦም፡ ናብ ድሕሪ ጸላኢ፡ ገምገም ባሕሪ ገጾም ብምቕናዕ ብውሸጢ. ማስመር ጸላኢ. ሰላሕታዊ ጉዕዞ ተተሓሓዙዎ። ኣብ'ቲ ሃሩር መሬት፡ ሕሰም ጥሜትን ጽምኢ. ማይን ክስመዖም ጀሚሩ እዩ። ኣብ'ቲ ረሳን መሬት፡ ብርቱዕ ካምሲን ዝኹመሮ ሐጻ ኣእጋር ተገማዚዙ እናውሓጠ ጸዓት ዝጸንቅቕ እዩ። ምሉእ ለይቲ ተጓዒዙ። ግና ካብ ሓደጋ ጸላኢ. ክሳብ ዝወጽኡ ግድን ክቕጽሉ ኣለዎም። ኣብራኽ ረሸሸ ኢሉ፡ ከስዐ በረውረውታ ሓሊፉዎ፡ ጎሮሮ ንጥዙብ ምራቕ ሓረሙዎ እናወደቑን እናተንስኡን ሰለይ ይብሉ። ኣብ ርእሰኡ፡ ሰንከል ብጻዮም የውሃንስ (ዋው) ምስኦዮም ኣሎ። ኣብ ርእሲ. ድኻም፡ ጥሜትን ጽምእን እናደገፉ እንሓንሱብ ድማ እናተሰከሙ፡ ብጎማጎም ባሕሪ ኣቢሎም ነቲ መውዳእታ ዘይብሉ ጎላጉል ሕጊግ በሉዎ።

ሓይሊ. ዝድርበሎም ኒሕ ጥራይ እዩ። ኣካላቶም ባዕሉ "ይኣኽለኒ" ኢሉ ክሳብ ዘወድቖ፡ ብዙተረፎም ዓቕሚ ካብ ምቕጻል ኣየቋርጹን። ብጸላኢ.ኦም ካብ ዝተሓዙ፡ ዕድል ገይሮም ኣብ ኣሃዱኦም እንተ በጽሑ ጸቡቕ፡ ዓቕሞም እንተ ጸንቂቖም ከኣ ኣብ'ቲ ህሮርማ ወዲቖም ማሰዋእቲ ክጸበዩ።

ጉዕዞኦም ካብ ሰዓታት ናብ መዓልቲ ሰገረ። እቲ ብተዛማዲ. ብሓጺር መንገዲ ክኸዱዎ ዝኽእሉ ዝነበሩ መንገዲ፡ ብኸሳል - ብዕጽፍጻፍ እዩ ነዊሑ። ብድሕሪ ጸላኢ. ንኽጥወዩ ነዊሕ ጉዕዞ፡ እንደገና ናብ ብጾቶም ንኽምለሱ ካብኡ ዝወሓ ጉዕዞ እዩ ዘጸበዮም። ሓደ፡ክልተ ሰለስተ፡ መዓልታ ተፈኺቕዶ። ኣብ'ቲ መመለሲኡ ዝምጠጥ ዝመስል ሰጣሕ ጎልጎል፡ ብታሕቲ ረመጽ፡ ብላዕሊ. ድማ ዋርዋርታ ዝኸድን ጸሓይ ተሳሂሎም። ቀርበዮም ደሪቑ ቁዕ ትብል ረሃጽ ክሳብ እትሰእን ይኸዱ ጥራይ። ለይቲ ኣብ'ቲ ሰጣሕ ጎልጎል ንውሑድ ሰዓታት የዕርፉ'ሞ፡ በቲ'ን ዝኣከቡወን ቀንጣሮ ጸዓት ከኣ ብጻዕረሞት ይቕጽሉ።

ኣርባዕተ፡ ሓሙሽተ መዓልታት እውን ኩኑ። ኑበሰ፡ ኣብ መንጎ ሂወትን ሞትን ኩይና፡ ተስፋን ሓበን ጥራይ እናተቐለቡ ምስ መስገደል ትጋደል።

ይቕጽል . . .



ክቡራት ተኸታተልቲ ዓምዲ ዕላል ምስ ታሪኽ፡ ኣብ 6 ለካቲት ኣብ ዝወጸኣ ቀዳማይ ክፋል ናይ'ዚ. ዛንታ፡ "ብርጌድ 23 ናይ ክፍሉሰራዊት 70" ዝተባህለ፡ ክፍላተሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ዘይቆማ ምንባረን፡ "ብርጌድ 23" ጥራይ ተባሂሉ ክንብበን ምስናይ ይቕረታ ንሕተብር።

# ዓንኬል ልቦና

## ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ሻሙናይ ክፋል

*“ኣብ ህይወት ንኽትሰውት፡ ቅድሚ ሕጂ ብዙሓት ሰባት ብዘይተመላለሱሉ መገዲ ክትምርሽ ትብጽሕ ኣጥፊ።”*

*- ኣልበርት ሽዊትዘር*

*“ኣብ ዓለምና ካብ ዝጽበርቈ ፍሽለታት፡ እቶም 99 ሚእታዊት በቶም ምኽንያት ዝምህዙ ሰባት ዝፍጠሩ እዮም።”*

*- ጆርጅ ዋሽንግተን*

“ካብ ጸገም ሓራ ኰንና ክንነብር ንኽእልዶ?”

“ኣብዚ ዓለም?”

“እወ።”

“ኣብዚ ዓለም ምንባር ማለት እኮ፡ ንዘየቋርጽ ጸገማት ምፍታሕ እዩ።”

“ብቐንዐና ክንገር፡ ኣነ ንጸገም ክንጥም ኣይፈርሕን እየ።”

“ተባዕ ኢኻ ማለት እዩ።”

“ዝመክሕ ትብዓት ኣሎኒ ክብለካ እኳ እንተ ዘይደፈርኩ፡ ብፍርሒ ዝሕመ ሰብ እውን ኣይኰንኩን።”

“ፍርሒ ክትብል እንከለኻ፡ ኣብ ጸገም ምግጣም ጥራይ ገደርካ እስከ ኣዕልለኒ።”

“እወ ብዝዕብኡ እኮ እየ ክሓትተካ ደልየ ዘለኹ።”

“ግርም።”

“ከምቲ ኣቐዲመ ዝጀመርኩልካ፡ ንጸገም ክንጥም ድሉው እየ። ልዕሊ ዓቕመይ ዝኾኑ ጸገማት ክይራረቡኒ እንከለዉ ግዱ፡ ቀልጢፈ እየ ኣላሽ ዝብል።”

“ኣብ ኣዘራርባኻ ‘ልዕሊ ዓቕመይ ዝኾኑ ጸገማት’ ክትብል ሰሚዐ። ዓቕምኻ ዝኾኑ ጸገማት ትፈልጦም ኢኻ ማለት ድዩ?”

“እዋእ! ብቑጽሪ ክንዲ እዚ እዩ ክብለካ መቸም ትጸበየኒ ኣይመስለንን።”

“ደሓን ዓቕመይ እፈልጦ እየ ወይ ኣይፈልጦን እየ ጥራይ እንዶ በለኒ።”

“እፈልጦ እየ።”

“በል ካብዚ ሕጂ ዘለካ ዓቕሚ ንጸገማት ናይ ምግጣም፡ ቀሩብ ንዓቕምኻ ከተሐይሎ ትፍትንዶ?”

“ኣብዚኣስ ኣይሐስወካን እየ። ፈቲነ ኣይፈልጥን እየ።”

“ካብ ሎሚ ክትጅምሮ እሞ ፈትን። እቲ ዝያዳ ክትሰርሓሉ ዘለካ ንኣእምሮኻ ኣብ ምእማን እዩ። ማዕረ ማዕሩ ጸገማት ክሳብ ዝደራረቡኻ ኣይትጽበ፡ ከም ኣመጻጽኦም ከተወግዶም እሞ ጸዓር። ጸገማት ክይራረቡ እንከለዉ ምሓር እዮም ዝተሓላለኹ። ገለ ጸገማት ባዕሎም ጸገም ናይ ምውላድ ባህሪ ኣለዎም። ወዮም ጸገማት እናተራብሑ ክመጹኡ እንከለው፡ ...።”

ሓደ መንግስቲ ንግዝኣቱ ብኸመይ ከም ዝመሓድር ይፈልጥ እዩ። ናትካ ግዝኣት ኣእምሮኻ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ንኣእምሮኻ ብኸመይ ክትመርሖ ከም ዘለካ፡ ቀጻሊ ትምህርትን ተመኩሮን ከተኻዕብት ትጽቢት ይግበረልካ።

ኣብ ዝሓለፉ ክፋላት ዝረኣናዮም ተግባራት ስምዒት ህዋሳት፡ ኣእምሮና ብኸመይ ርድኢቱ ከም ዝወስድ ኣብሪህሙልና ነይሮም። መብዛሕትና ህይወት እንታይ ምዃና ብትኽክል ኣይንፈልጥን ኢና። ንህይወት እንፈልጣ ማዕረ ዘለና ርድኢት ጥራይ እዩ። ርድኢትና ብዝሰፍሐ መጠን፡ ኣብ ህይወት ዘለና ኣፍልጦ ብእኡ ማጠን ይዓቢ።

ኣብ ህይወት ዘለና ርድኢት ብኣሉታ ኣግዚፍናን ሓያል ገይርናን ንቕርጾ እንተ ደኣ ኰይንና፡ ኣእምሮና እንታይ ስኢሉ ይህበና? እወ ኣእምሮና - ህይወትና ሕማቕ፡ ኣጨናቒን ከቢድን ከም ዝኾነ ገይሩ እዩ ክስእለልና። እቲ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ክንገብሮን ብእኡ ኣቢልና ከጥፍኣን እንተ ኸኢሊና ኸኣ፡ እቲ ዝበረ ሓይሊ ገፊፍና፡ ኣእምሮና ጸቡቕ ምስሊ ከም ዝሕዝ ንገብሮ። ንግዱእ ርእስና ኣብ ኣሉታዊ ኩነት ኣብ ክንዲ እንሽምሞ፡ ኑቶም ጸቕጥታት ብምእላይ ወይ ብዘይ ዝኾኑ ጭንቀት ክንገምርምሮ ንኽእል ኢና።

ሓይሊ ርድኢትና ንምፍላጥ፡ ቋንቋና ጸቡቕ ኣብነት እዩ። ሓደ ሰብ ኣብ መጺኡ ብሩህ ተሰፋ ኣለዎ ክንብል እንከለና፡ እንታይ ማለትና ኢና? ሓደ ሰብ መጺኢኻ ብሩህ ኣይኰነን ክንብለና እንከሎ እንታይ ይስመዓና? ሓደ ሰብ ንገለ ነገር ተመጣጢኒ ብዘይኰነ ኩነት በዲሉ ወይ ምስሊ ሓደ ነገር ብየገሩይ ኩነት ተረዲኡ ክንብል እንከለና፡ እንታይ ማለትና ኢና? ሰባት ገለ ነገር ንኣእምሮና ይኹበደና እዩ ወይ ንኣእምሮና ዝዕፍኖ ነገር ዘሎ ይመስለና ክብሉ እንከለዉ እንታይ ማለቶም እዩ?

እዞም ሓረጋት ኣብ ውሽጢ ኣእምሮና ተመስሪሖም፡ ንዝተፈልዩ ኩነታት ብሓጺሩ ዝገልጹ ኣበሃህላታት እዮም። ቅድሚ ሒደት ደቓይቕ ባህ ዘዩብል ተዘክሮ ኣብ ኣእምሮኻ ኣሰሪጽካ፡ ብኸመይ ከም ዘግዕበልካዮ ንድሕሪት ምልስ ኢልካ ሕሰቦ፡ ኣብ ኣእምሮና እንስእሎም ምስልታት ኣብ ልዕሌና ክሳብ ክንደይ ስልጣን ከም ዘለዎም ብተፈጥሮና ንፈልጥ ኢና። ብመንጽር፡ ንኣእምሮና ክንቈጻጸሮን ክንመርሖን ንኽእል ኢና። ይኹን እምበር፡ ኣእምሮና ንዓና ክቈጻጸረናን ክመርሓናን ኣይክእልን እዩ።

ምስዚ ብዝተኣሳሰሩ ሕቶታት ይለዓሉ እዮም። ምስ ንዱእ ርእስኻ ቀጻሊ ትጨቓጨቕዶ? ኣእምሮኻ ድቃስ ይኸልኣካ ደዩ? ኣእምሮኻ፡ ‘እዚ ክትዕወተሉ ከቶ ኣይትኽእልን ኢኻ?’ ዝብል መልእኽቲ (ድምጺ) ክመሓላልፈልካ እንከሎ፡ እንታይ ዓይነት ስምዒት ይፈጥረልካ? ንሓደ ነገር ብዝበለጸ ክፃምሞ እኽእል እየ ኢልካ እተበገስካሉ ግዜ ኣሎዶ? እንተ ሃልዩ ሻቡ ንስምዒታትካ ዘቓቕሖ እንታይ ነይሩ? እቲ ዝሰማዕካዮ፡ እቲ ዝረኣኻዮ ዋላስ እቲ ዝዓህሰስካዮ እዩ ነይሩ?

ካብዞም መልሲታት ምስ ቅሉዕ ምኽንያን ወይ ዘይምኽንያን ዝተሓሓዘ ዋላ ሓደ ነገር የለን። እቲ ምንታይሲ፡ ዝተፈላለዩ ሰባት ዝተፈላለዩ መልሲታት ክህቡ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት ንስኻ ንውሽጣዊ ርድኢትካ እትፈጥሮ ብቑዓምነት ንናይ ምደህሃስ ስምዒት ህዋስካ እንተ ደኣ ኸፊይካ፡ እቲ ዝረኣኻዮ ነገር ዋላ ሓንቲ ምስሊ ከም ዘይፈጠርካ ንግዱእ ርእስኻ ከተእምና ትህቅን ትኽውን። መብዛሕትኡ ከም እምንቶና ስለ ዝኾውን ከምኡ ምስ እትገብር ሓቂ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እቲ ቐንዲ ቀም ነገር እምበር፡ ንኹነታት ናይ ግዱእ ርእስና ስምዒት ህዋሳት እናተረዳእና ክንመጽእ እንከለና፡ ‘ተደራሪቢ’ ክንብሎ ብእንኽእል ኩነታት ርድኢትና ከሙሓይሽ ከም እንኽእል ኣብ ምፍላጥ እዩ። እዚ ማለት ንሽኻ ንናይ ምስማዕ ስምዒት ህዋስካ እንተ ኾንካ ቀዳምነት እትህቦ፡ ዝያዳ ዝበለጸ ነገር እትሰርሖ ቅድም ቀዳድም ኣብ ኩሉም ምልክታት ናይ ስምዒት ህዋሳት ሓፈሻዊ ሓሳብ ብምፍጣር እዩ። ምእንቲዚ ኣብቲ ግዜ እትሰምዖ ዝበርካ ነገር ፈለማ ትዝክሮ ይኸውን። ስምዒትካ ዘቓቕሖ እውን ኣቲ እዩ። ሓንሳብ ኣብ ውሽጢ እቲ ኩነት እንተ ደኣ ኣቲኻ እሞ፡ ሓያል ውሽጣዊ ርድኢት እንተ ደኣ ፈጢርካ፡ ርድኢትካ ኣስፊሕካ ናይ ምርኣይ ስምዒት ህዋስካ ኣብ ስራሕ ንምውዓል ወይ ናይ ምደህሃስ ርድኢትካ ኣመዛራሪካ ናይ ምደህሃስ ስምዒት ህዋሳትካ እምብዝ ቐሊል ይኸውነልካ።

ኣብ ሓደ እዋን ክሰርሖ እኽእል እየ ኢልካ እጅግኻ ሰብሲብካ እተበገስካሉ ነገር እስከ ዘክር። እዚ ልምምድ (exercise) ከም ቀጽሪ ሓደ ገይርና ንወሰዶ። ሕጂ ኸኣ ንመጺኢ ክትሰርሖ ዝወጠንካዮ ወይ ዝደለኻዮ ከም ልምምድ ቀጽሪ ክልተ ንወሰዶ። ንኽልቲኦም ብሓንሳእ እስከ ኣጸንዖዮም። ከምኡ ክትገብር ምሓር ኣጺጋሚ ኣይኰነን።

ንኣእምሮና ልክዕ ከም ክልተ ስክሪን ዘለዎ ቴለቪዥን ገይርና እሞ ንወሰዶ፡ ንኽልቲኦም ምስልታት (ኩነታት) ኣብ ሓደ ግዜ ንተዓዘቦም። ኣብ ርድኢት ስምዒት ህዋሳትና ፍልልይ ይፍጠርዶ ኣይፍጠርን? ዝተፈላለዩ ርድኢታት ኣብ ስርዓት መትንና ዝተፈላለዩ ትርጉማት ይህቡ ኢልና ምኽንያት ክንሕብ ንኽእል ኢና።

ኣብዚ ኣየናት ስምዒት ህዋሳትና ከም ዝድሩኽናን ንመጺኢ ሓደ ነገር ንምስራሕ ዝተደረኽናሉ ስምዒት ህዋስ (ልምምድ ቀጽሪ ክልተ) ቀስ ብቐስ ቅርጻን ስርዓትን ኣትሒዝና ንስራሕ እንደገና ካብ እተላዓልናሉ ስምዒት ህዋሳትና (ልምምድ ቀጽሪ ሓደ) ብኸመይ ከም እኣሳጽዮም ንርኢ። እዚ ኩነታት እውን እንተ ኾኑ፡ ንዝተፈላለዩ ሰባት ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚ (ርድኢት) ዋላ እንተ ሃለዎ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ትሕቲ ልምምድ ቀጽሪ ክልተ ክኣወን ዝተወጠኑ፡ እቲ ኣብ ቀጽሪ ሓደ ዘሎ ክትርድኦ ዝያዳ ዝቐለለ እዩ ዝኸውን። እቲ ምንታይሲ፡ እቲ ምስሊ (ብተግባር ስለ ዝፈተሽናዮ) ኣዝዩ ግልጽን ዝያዳ ዝነልሓን እዩ።

ዕቡይ ዝበለ (ጉልሒ ዝበለ) ብምግልጺ ዝርኣ ሕልምና (ሓሳብና) ተግባራዊ ናይ ምግባር ዕድልና ድማ ኣዝዩ ክብ ይብል። ይኹን እምበር፡ ኣብ ክልቲኦም ኣተኩሮ ገይርና እቲ ኽልኣይ ርድኢትና ብጥበብ ናብ ግዱእ ርእስና እንተ ኣቕሪብናዮ፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ ቀጽሪ ሓደ ጠቒስናዮ ዘለና ይኸውን። እዚ ልምምድ ኣብ ኩሉም ስምዒት ህዋሳትና ዅውን። በዚ መሰረት ካብ ኩሉም ፍሉይ ዝኾነን ናብቲ ዝሓሰብናዮ ኩነት ዘእቱ ደረኺ ስምዒት እንተ ተረኺቡ፡ እቲ ስምዒትና ምስ ኣድላይነት ስምዒታትና ኣራኺብና ከም ዝልወጡዎም ክንገብር ንኽእል ኢና። እቲ ሕማቕ ብጸቡቕ ንስዕሮ ማለት እዩ።

ኣብዚ ተመሳሲሉ ርድኢታት ተመሳሲሉ ዝኾኑ ስምዒታት ከም ዝህልዎም ምፍላጥ የድሊ። ንኣብነት ንሓደ ምሁር ስነ ልቦና ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ዘይደሊ ህጻን ኣጋጢሙዎ ነይሩ። እቲ ህጻን ከሉም ዝሓሰቦም ነገራት፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ንኸይከይድ ዝደርኹዎ ኣይነበሩን። ኩሓርቅ ወይ ኣቓልቦ ክስእን እንከሎ፡ ዝሰምዖ ስምዒት ኣብ መንከሱ ኩይኑ፡ ኣዘራርባኡ ከኣ ፍሉይ ድምጺ ኣለዎ። ልቡ ክለዓጻል እንከሎ ድማ፡ ኣብ ሓደ ካብ ቅልጽሙ ምውጥጣር ይሰምዖ። ወዮ ሊቕ ስነ ልቦና ብሓያል ጻዕሪ ዝም ናይ ርድኢት ህዋሳት ጥራይ ብምልዋጥ፡ ብእኡ ንብኡ እቲ ህጻን ናብ ትምህርቲ ክኸይድ ከም ዝድረኽ ገይሩዎ።

ኣብ ኣሰር ዕወታት ሰባት ክትስዕብ እንተ ደኣ ደሊኻ፡ እቶም ዕወታት ሰባት ኣብ ዘመዝገብዎ ዓወት ልዑል ኣቓልቦ ክትህብ ይግባእ። ኣብ ዓወት መጸናዕቲ ዘካይድ ሰብ፡ ብዝሓጸረን ብዝቐለለን መንገዲ ዓወት ክጭብጥ ኣይደጋገምን እዩ።

እቶም ብዙሓ ብኸመይ ኣብ ፍሽለት ከም ዝወድቁ ክሽቑረሩ ግዜኦም ዘሕልፉ ኸኣ፡ ፍሽለት ብዘይተጸበዩዎ ኣንፈት እያ ሁሩግ እትብሎም። ኣእምሮኦም ብዙሓ ፍሽለት ከሰላስል ስለ ዘውዕልን ዝሓድሮ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ምፍጣሮም ክሳብ ዘጽልኦም ናይ ህይወት ክሳራ የስዕበሎም።

ናብ ኣንቶኒ ሮቢንስ ገለ ሰባት ምኽሪ ክረኽቡ ይኸዱ እዮም። “ምሓር ስልኪዩኒ ኣሎ። ... ጉህየ ኣለኹ። ...” ዝበሉዎ ኣለዉ።

ኣንቶኒ ሮቢንስ፡ ንዖምዊሎ ‘ስለምንታይ ጉሂኹም?’ ኢሉ ኣይሓቶምን ዝሓትቶም። እንታይ ደኣ፡ ስለምንታይ ከም ዝጉህዩ ንግዱእ ርእሶምን ንዕኡን ኣስፊሕ ኣብሊሎም ንኽገልጹ እዩ ዝወከሶም። ኣንቶኒ ሮቢንስ ክፈልጦ ዝደሊ፡ ዓምዊሎ ስለምንታይ ከም ዝጉህዩ ዘይኮኑ፡ ብኸመይ ከም ዝጉህዩ እዩ።

ንሓደ ተመሳሲሉ ምኽሪ ደልዩ ዝመጸኦ፡ “ብኸመይ ጉሂኻ?” ኢሉ ሓቲቱዎ። ወዮ ሰብኣይ ክገሊ እንከሎ፡ ኣብ ኣካሉን ኣእምሮኡን ዝተወሰኑ ለውጥታት ከም ዝርኣ፡ ስለ ዘኞቕልብ፡ በቲ ዝቐረበሉ ሕቶ ግር ኢሉዎ።

ክንዲ ዝኾነ ኣንቶኒ ሮቢንስ፡ “ኣነ ኣብ ውሽጢ ኣካልካ እንተ ዝኸውን ብኸመይ ምጉሃኹ?” ዝብል ሕቶ ሰኪቡሉ። እዚም ማስርሓት ኣብ ሰባት ዝተፈልየ ናይ ኣካልን ኣእምሮን ተግባራት ይፈጥሩ እሞ፡ ኣብ ዝተፈልየ ስምዒት ዘቓቕሕ ውጽኢት የዕልዎም። ማስርሕ እቲ ኣሰራርሓ ብምቕያር ኩነታት ይቕየሩ እሞ፡ ካብ ጭንቀት ኣብ ዝተፈልየ ስምዒት ንኽኣትዉ የኽእሎም።

በዚ ሓደሽ ዝተፈጥረ ፍልጠትን ብጥንቃቐ ንዝገራት ከመይ ከም እንነብርም ሓንሳእ እንተ ፈሊጥናን ንኣእምሮና ብጥበብ ክንጥቀመሉ ምስ ጀመርናን ንኽንነብር ዝሓሰብናዮ ወይ ዝጥበኣና ህይወት ንኽንነብር ዘኽእሉና ኩነታት ክንፈጥር ንኽእል ኢና።

ንኣብነት ዝኣክል፡ ብኸመይ ኢና እንጉሂ ወይ ተስፋ እንቖርጽ? ንስኻ ኣብ ከምዚ ኩነታት ክትሽመም እንከለኻ እንታይ ይስመዓካ? ኣብ ኣእምሮኻ ሓያልን ዘሕርቕን ነገርዶ ትቕርጽ? ብዝሕዝን ቃናዶ ምስ ግዱእ ርእስኻ ትብዝሓል?

ዘሐጉስ ነገር ዝፍጠርከ ከመይ እዩ? ኣብ ኣእምሮና ብሩህ ነገር ክንስእል እንከለናዶ ይኸውን? በዚ ኩነታት ምንቅስቓስ ኣካልናን ኩነታት ድምጽናን ከመይ እዩ ዝኸውን? ብዙሓት ሰባት ካብ ህሉው ናይ ጸገም ኩነታቶም ንምውጻእ ንብዙሕ ዓመታት ናይ ስነ ኣእምሮ ሕክምና ክንብሩ ይረኣዩ እዮም። ገሊኦም ግዱ ብተዛማዲ ኣብ ሒደት መዓልታት ፍታሕ ዝረኸቡ ኣለዉ።

ንኣብነት ጓሂ ወይ ቅሂርት፡ ተስፋ ምቑራጽ፡ ባህታ፡ ... ብትግሃት ወይ ብደመ ነፍሲ (instinct) ክንቈጻጸሮም እንኽእል ኣብ ኣእምሮና ዝቐረጹ ምስልታት፡ ብድምጽን ብኣካላዊ ምንቅስቓስን ዝፍጠሩ ክስተታት እዮም። እንተ ጉሂኻን ቃዚንካን ነቲ ጓሂን ቅሂርትን ባዕልኻ ፈጢርካዮ ወይ ኣፍሪኻዮ ክትከውን ትኽእል ኢኻ፡ ኣዚኻ ሕጉስ እንተ ኰንካ ድማ ነቲ ሓጎስ ዝፈጠርካዮ ባዕልኻ ክትከውን ትኽእል ኢኻ፡ ክንዲ ዝኾነ ህድእ ኢልካ ክትሓስበሉ ፈትን።

*“ብጭንቀት፡ ምረትን ምስትምሃልን እንተ ተገቢእካ፡ ዝኾነ ነገር ክትዓምም ኣይትኽእልን ኢኻ።” ለች ዋለሳ*

*“ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ እታ ዝበለጸት ዕለት ናይታ ዓመት ምዃና ኣብ ልብኻ ጽሓፋ።” - ራልፍ ዋልዶ ኤመርሰን*

*ይቕጽል*



# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ


## ግድል ስትሪምኮ

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

እዚ ጸወታ ወይ ግድል "ስትሪምኮ" ይብሃል። ንሰዶኮ ዝመስል ጸወታ እዩ። እዚ ብግራባርቻክ ዝተባህሉ ስድራ ዝተማህዘ ኰይኑ፡ ኣብ ክልሰ-ሓሳባት ትርብዒት - ናይ ላቲን ፈላጥ ስነ-ቊጽሪ ሊዮናርዶ ኢለር (18 ክፍለ-ዘመን) ዝተሞርኰሰ እዩ።

ኣገባብ ኣጸዋውታኡ፥ ኣብዛ ትርእዩዋ ሰደቓ፡ 7ተ ብ7ተ ዝተሰርዓ ዓንኬላት ኣለዋ። እዘን ዓንኬላ ቊጽሪታት እየን ዝሕዛ። ካብ 1 ክሳብ 7 ድማ ይምልኣ። ካብ 1 ክሳብ 7 ዘለዉ ቊጽሪታት ንትኹልን ንጋድምን ልክዕ ከም ሰዱኮ ክድገሙ የብሎምን። ኣብቶም ብመስመር ተራኺቦም ዘለዉ ዓንኬላት'ውን ክድገም የብሉን።

(መልሲ፡ ካብ 1 ክሳብ 7 ዘለው ቊጽሪታት ንትኹል፡ ንጋድምን ብሕንጻጽ ተታሒዞምን ኣብ ዝርከቡ ዓንኬላት ክድገሙ የብሎምን።)



## እንግሊዝኛ Common mistakes

ምስ እንግሊዝኛ ዝተሓሓዙ ትምህርታዊ ትሕዝቶ

**Discover and Invent.**

(a) Discover.
Don't say: America was invented by Columbus.
Say: America was discovered by Columbus.
(b) Invent.
Don't say: Edison discovered the gramophone.
Say: Edison invented the gramophone.
"To discover" is to find that which existed before but was unknown, and "to invent" is to make that which did not exist before.

**Take place and Take part.**

(a) Take place.
Don't say: The meeting will take part soon.
Say: The meeting will take place soon.
(b) Take part.
Don't say: I shall take place in the meeting.
Say: I shall take part in the meeting.
"To take place" means to happen or to be held; while "to take part" means to have a share in a thing.

## ኬሚስትሪ ክልሰ-ሓሳብ ኣቶም VII

ምስ ፊዚክስ ዝተሓሓዙ ትምህርታዊ ትሕዝቶታት




ብዛዕባ ስነ-ቕመም መጀመርታ ካብ እንምሃሮ ኣምር፡ ኣምር ኣቶም'ዩ። ኣቶም እቲ ዝደቀቐ ክፋል ናይ ሓደ ግዝፊ ምዃኑ ክንመሃር ጸኒሕና ኣለና። ንሓደ ግዝፊ ኣዳቒቕካ ኣዳቒቕካ እቲ ናይ መወዳእታ እተበጽሖ ዓቐን፡ መሰረታዊ ዝደቀቐ ክፋል ኣቶም ምዃኑ'ዩ ንዊሕ እዋን ዝፍለጥ ዝነበረ። እንተኾነ ስነ-ፍልጠተኛታት ኣቶም ንባዕሉ ክምቀል ከም ዝኽእል ተረዲኦም'የም። ንክልሰሓሳብ ኣቶም ብዙሓት ስነ-ፍልጠተኛታት በበኽናርናዮም ኢዶም ኣንቢሮሙሉ እዮም። ሳላ ኣብርክቶኦም ድማ ኢና ንኸሉ ኣብዚ ኣድማስ ዝርከብ ግዙፋት፡ ህይወታውያንን ዘይህይወታውያንን ክንፈልጦ፡ ክንርድኦምን ኣብ ረብሓና ክንቅይሮምን ዝኸኣልና። ዝሓለፈ ኣንበብቲ ዓምዲ ኵርናዕ ተመሃሮ፡ ብተኸታታሊ ንኽልሰሓሳብ ኣቶም ብዙርያኡ ክንቕርበልኩም ጸኒሕና ኣለና። ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ክፋላት ንኣምሪት ሳብስታንስ ናይ ዳልቶን ክልሰሓሳብ ኣቶምን ንኽልሰሓሳብ ኣቶም ክዓቢ ዝሕገዙ ርኽበታት፡ ናይ ታምሶን ክልሰሓሳብን ርኽበት ኒዩክለስን ኣቕሪብና ነይርና። ንሎሚ ኸኣ ዝርከብት ኳርክስ ዝምልከት ክንፋትሽ ኢና፡ ሰናይ ንባብ።

## ኳርክ

ኣቶም እቲ ዝደቀቐ ምቅሊት ናይ ሓደ ሳብስታንስ ተባሂሉ። ጸኒሑ ኽምቀል ዝኽእል ምዃኑን ሰለስተ፡ ፕሮቶን፡ ኒዩትሮንን ኤለክትሮን ዝብሃሉ፡ ዝንኣሱ ንጥረታት ከም ዘለዎ ተፈሊጡ። እዞም ክፋላት ኣቶም፡ እቶም ዝደቀቑ ኽምቀሉ ዘይክእሉ እናተባህለ ኸኣ ንኣቶምም'ውን ከም ዝምቀሉ ኽፍለጥ ተኻኢሉ፣ ኳርክ ድማ ይብሃል። ኳርክታት እቶም ዝደቀቑ ንማተር ዝሰርሑ ንጥረታት እዮም። ኳርክ በይኑ ኽርከብ ኣይክእልን እዩ፣ ምስ ካልኦት ከምኡ ኳርክታት ብምኻን ንዕበይ ዝበለ ንጥረ የቕሙ። እዞም ንጥረታት ከም ፕሮቶን ዝኣመሰሉ እዮም። ስነ-ፍልጠተኛታት ነዚኦም ዝዓበዩ ንጥረታት ብምጽናዕ፡ ንባህሪያት ኳርክ ክፈልጡ ኽኢሎም። ፕሮቶንን ኒዩትሮንን እቶም ንኒዩክለስ ዘቖሙ ንጥረታት እዮም። ኣብ ውሽጦም ድማ ኳርክታት ኣለዎም። ብዘይ እዞም ኳርክስ ኣቶም ክህሉ ኣይክእልን፣ ከም እንፈልጦ ብዘይ ኣቶም ከኣ ማተር ኣይቀውምን።

ሽዱሽተ ዓይነት ኳርክስ ኣለዉ። ኵሎም ኳርክስ ወሰን ወይ ፍሉጥ ርዝነትን ኤለክትሪክ ቻርጅን ኣለዎ። ኳርክ ዝቈመሉ ኣገባብ ብዙሕ እዩ። ብውሑዱ ሽዱሽተ ቦታታት ኣለዎ። ተራ ማተር ክልተ ዝፈኹሱ ኳርክታት ኣለዎ፣ ብርእሲ እግሪን። ዝቐጸሉ ዝፈኹሱ ኳርክታት፡ ተሰሓሓቢቲን



ዘይንቡራትን፡ ኣብ ኮስሚያዊ ጨራታት ዝርከቡ ኹይኖም ኣብ ህዋ ይርከቡ። ስነ-ፍልጠተኛታት ነዚኦም ዝደቀቑ፡ ብተናጸል ዘይከዱ ንጥረታት፡ ብላዕሊን ታሕቲን ብምቕማጥ ዝሽበዱ ኳርክታት ኣብ ቤት ምርምር ክሰርሑ ክኢሎም። ኳርክታት ዝተፈጥሩሉ ኣገባብ ብዙሓት ናይ ፊዚክስ ፈላጣትን ፈላጣት ስነ-ጠፈርን ዝገልጽዎ (ብርግጽ ዘይተደምደመ) ሓደ እምነት ኣሎ። ኣድማስ ድሕሪ እቲ ዓቢ ነትጕ (ቢግ ባንግ) ከም ዝተፈጥረ ይፍለጥ እዩ። እዞም ሽዱሽተ ዓይነት ኳርክታት ከኣ ካብቲ ግዜ ኣትሒዞም ከም ዝነበሩ'ዩ እምነት እዞም ፈላጣት ፊዚክስን ስነ-ጠፈርን። እቶም ዝረዘኑ ኳርክታት ግን ቀልጢፎም ከም ዝመሽመሹ ይንገር።

ብ20 ክፍለ ዘመን ንመሰረታዊ ኽልሰ-ሓሳብ ኣቶም ዘጽንዑ ዝነበሩ ስነ-ፍልጠተኛታት፡ ንማተር ዘቖሙ ፕሮቶን፡ ኤለክትሮንን ኒዩትሮንን ምዃኖም ገሊጾም። እዞም ንጥረታት ክንዮኡ ኽም ዘይምቀሉ'ውን ተገሊጹ። ኣብ መወዳእታ 1950ታት እቲ ዝነበረ ንኣቃውማ ኣቶም ዝገልጽ ሞዴል ዕግበቶም ከጕድሎ ጀሚሩ። እቲ ዝነበረ ሞዴል ንኣቃውማ ንጥረታትን ኣቶምን ጽቡቕ ገይሩ ኣይገልጾን ኣሎ በሉ። ሓድሽ ዝተፈልየ ሞዴል ክለለ ኣለዎ ኢሎም ሓሰቡ። ብ1964 ኣመሪካውያን ፈላጣት ፊዚክስ ሙረይ ገል-ማንን ጆርጅ ዝወይግን በበይኖም ሓደ ክልሰ-ሓሳብ ኣልዓሉ። እዚ ኽልሰ-ሓሳብ "ክልሰ-ሓሳብ ንጥረ ፊዚክስ" ዝበሃል ኰይኑ፡ ንፕሮቶንን ኒዩትሮንን ዘቖሙዎም ኳርክታት ምዃኖም ዝገልጽ እዩ። ኳርክ ዝብል ስም ገል-ማን'ዩ ኣውጺኡሉ፥ ካብ "Finnegans Wake" ዝተባህለት ልቢ-ወለዳዊት መጽሓፍ (1939) ጀምስ ጆይ ዝወሰዶ ድማ'ዩ። እዞም ክልተ ፈላጣት ፊዚክስ ንፕሮቶንን ኒዩትሮንን ብልክዕ ንምግላጽ፡ ክልተ ዓይነት ኳርክታት ጥራይ ይደልዩ ነበሩ። ልዑልን ትሑትን ዝተባህሉ ኽልተ ዓይነት ኳርክታት። ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ኸኣ "ጋሻ" ወይ "ዘይንቡር" ኳርክ ክበሉ ዝሰመዩዎ ሓደ መሰረታዊ ንጥረ ረኸቡ።

ብ1960ታት እምበኣር በዚኦም ሰለስተ ዓይነት ኳርክታት ኣቶማዊ ሞዴል ኩዳሉ ይጽዕሩ ነበሩ። ንኽልሰ-ሓሳቦም ንኽገልጹ እዞም ሰለስተ መሰረታውያን ንጥረታት፡ ኳርክታት፡ እኹላት እዮም ነይሮም። ንዕሊኦም ኣየድሊዮምን'ኳ እንተ ነበረ፡ ኣመሪካዊ ሸልደን ግላሾው፡ ግሪኻዊ ፈላጥ ፊዚክስ ጆን ኢሊፖሊስ፡ ኢጣልያዊ ሊቺያኖ ማያኒ ብ1970 ሓደ ኽልሰ-ሓሳብ ኣማዕቢሎም። ኣብዚ ኽልሰ-ሓሳብ "ሰሓቢ" ዝሰየሙዎ ኻልእ ኳርክ ብምምጋት ዝዳለወዎ ነበረ። ክሳዕ 1995 ኣብ ዝተገበረ ዘየዕርፍ ምርምር ስነ-ፍልጠተኛታት እቶም ዝተረፉ ወለዶታት ኳርክ ክረኽቡዎም ክኢሎም።

... ይቕጽል።

## ቊጽሪኣዊ ሽሑር

### ሰባብ 5

ስነ-ፍልጠት ቊጽሪ ብዙሕ ዘደንቕ ትእንግርቲታት ዝመልአ'ዩ። ካብቶም መሰረታውያን ቊጽሪታት ጀሚርካ ኩሉ መደነቒ'ዩ። ባዶ '0' ንባዕላ መገረም ቊጽሪ'ያ። ንሎሚ ናይ ቊጽሪ 5 ሓደ ዘደንቕ ምስጢሩ እንህበልኩም።

- ካብ 1 ክሳዕ 50 ካብ ዘለዉ ቊጽሪታት ሓደ ቊጽሪ ሕሰቡ።

- ኣቲ ሓሲብኩሞ ዘለኹም ቊጽሪ ልዕሊኡ ዘሎ ቊጽሪ ደምሩሉ፣ ንኣብነት 29 እንተ ሓሲብኩም ምስ 30 ይድመር ማለት'ዩ።

- ነዚ ዝደመርኩሞ 9 ደምሩሉ።

- ነዚ ኩሉ ድምር ን2 ምቐሉዎ።


- ካብዚ ዝመጽኣልኩም ምቃል እታ መጀመርታ ዝሓሰብኩማ ቊጽሪ ኣጕድሉሉ።

- እዚ ኩሉ ጌርኩም 5 ክመጽኣልኩም'ዩ፣ ዝቐየርኩም ቊጽሪ ቀይሩ ኩሉ ግዜ 5 እዩ ዝመጽእ። ብጕጅለ ብምዃን ኻናትኩም ቊጽሪ ሓሲብኩም ፈትኑዎ፡ ንኸሳትኩም እቲ ሰባብ 5 ክመጽኣኩም'ዩ።

ኣደኒቑኩምዶ? ገና 5 ሽሑሩ ብዙሕ እዩ፣ ዝመጽእ ሰሙን ካልእ ምስጢር ናይ 5 ሒዝና ክመጽእ ኢና።

## ዳእላ ተመሃሮ

ምስ ተመሃሮን ትምህርቲን ዝተሓሓዙ ዋዛታት




A group of students were discussing which of their specialties was of the most practical use. A fellow student appeared at the table with a large pink gin.

The chemist proceeded to explain why it was pink in color.

The physicist measured the specific gravity.

The mathematician calculated the cost per unit volume.

The doctor outlined what it would do to the liver.

The engineer picked it up and drank it.

ሜሪ ማና

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ስነ-ፍልጠት፡ ቡብቑንጣሮ'ዩ ዝልሕኽ።"

- ኦሊቨር ወንደል ሆልመስ (1809-94፡ ኣመሪካዊ ገጣሚ፡ ጸሓፊን ፈላጥ ፊዚክስን)

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ባንዴራና፡ ክብራ ክሕለወላ ይግባእ !

ሎሚ፡ ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ኳንኮ፡ ብዛዕባ ባንዴራ ወይ ሰንደቕ ዕላማ ምዝማር፡ ዕሸል ኣርእስቲ ስለዘይኮነ፡ ከም ዘሕንኽ ዛዕባ ኪውሰድ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ፡ ባንዴራን ኣገዳስነቱን ኣብ ምቛም ሃገራት ኣትሒዙ፡ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ዝሰረጸ ኣምር ስለዝኾነ፡ ብቐሊል ኣገላልጻ ከኣ፡ ባንዴራ፡ ከም መግለጺ እኩብ መንነት፡ ታሪኽ፡ ጽገዎት፡ ባህርያዊ ጺጋታት፡ መጻኢ ዕድላት ወዘተ ሓደ ጥሙር ህዝቢን ሃገርን ዚውክል ትእምርቲ እዩ።

ብናልእ መንገዲ፡ ባንዴራ፡ ንእምነታትን ክብርታትን ሓደ ሕብረተ-ሰብ (ህዝቢ) ወይ ትካል ከም መወከሲን ትርጉምን እተገልግል ምልክት (Signal or Symbole) እያ። ክንዲ ዝኾነ፡ ሓደ ህዝቢ ይኹን ውድብ ንጥሙር ኣተሓሳስባኡን ገሲጋሱን ከም መርሓ ዚውክል፡ ሓደ ሰንደቕ ዕላማ ከም ትእምርቲ ከእውጅ ይኽእል። ምናልባት፡ ፖለቲካውን ታሪኻውን ኩነታት እንተዘይ ኣገዲዶም ድማ፡ ትርጉም ይኹን ኣቃውማን ሕብርታትን ባንዴራኡ ብቐሊል ዚቕየር ኣይኮነን። ኰነ፡ ብዘይፍለ፡ ብሕልፊ ብዘይ ርድየት፡ ብዘይ ምኽኒይ መርትየ ንባንዴራኡ ለውጥታት እንተ ተገይሩላ'ውን፡ ንቒምታን ቅሬታን ኪመርሕ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ልዕሊ መንነቱ ይኹን ታሪኹ፡ ብቐንዱ ኸኣ፡ ኣብ ርእሲ ልኡላውነቱ ከም ግህሰት ኪርአ ስለ ዚኽእል። ኰነ፡ ሓሊፉ'ውን፡ ኣብ ክብሪ ባንዴራ ዚግበር ግህሰት እንተላይ ክሳብ ንገጻጺን ኩናትን ኪመርሕ ዚኽእል ሸለልተኛት ምኳኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ።

ብሓፈሻ፡ ባንዴራ ማለት ሃገር፡ ሃገር ማለት ድማ፡ ባንዴራ ስለዝኾነ፡ ሓደ ኣብቲ ሓደ ተኻጻሊም ዚርኣዩ'ውን ኣይኮኑን። ስለዝኾነ እዩ ድማ፡ ሓንቲ ልኡላዊት ሃገር ሓንቲ ዕላዊት ባንዴራ ጥራይ ክትህልዋ ዚፍቀድ። ሓንቲ ልኡላዊት ሃገር ሕብረ-ሰልፋዊት ሃገር እንተኾይና፡ ወግዓውያን ሰልፍታት ናይ'ታ ሃገር ናተን ባንዴራ ክህልወን ይኽእል እዩ። ዋላ'ኳ እዚ ይኹን'ምበር፡ እዘን ባንዴራታት ሰልፍታት እዚኣተን፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ይኹን ኢጋጣሚ፡ ነታ እንኮ ወግዓዊት ባንዴራ ብምትካእ ኩነ ብምውሓል፡ ኣብ ሃገራዊ ጽምብላት ኪሰቀላን ከንበልብላን ግን ኣይግባእን። ምናልባት ብስሕተት እንተ ተፈጺሙ እውን፡ ከም ጥሕሰት ልኡላውነት ሃገር ኪሕሰብ ይኽእል። ብተመሳሳሊ፡ ሕብሪ፡ ኣቃውማን ትርጉምን ናይ ሓንቲ ወግዓዊት ባንዴራ ብዘይ ወግዓዊ ኣዋጅ ከም ዝምእማኣካ ኪልወጥ የብሉን። ምኽንያቱ፡ ንክብርን ትርጉምን ሰንደቕ ዕላማ ምግሃስ ስለ ዝኾነ፡ ካልእ ተወሳኺ ድፍረት ንህዝብን ሃገርን ምኳኑ ኪፍለጥ ይግባእ። ኩሉ ዜጋ ኪርዳእ ዚግባእ እምብኣር፡ ባንዴራ ሓደ ህዝቢ፡ ልክዕ ከም ባጤራ ሓንቲ ሃገር ብውሑሰን ሓላፍነት ብዘለዕላ ትካላት ኣብያተ-ማሕተም ወይ ትካላት ስነ-ጥበባት (Printing and Art Institutions) ዚሰኣል፡ ዚሕተምን ዚዝርጋሕን ምኳኑ ምግንዛብ የድሊ።

እምብኣር፡ ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ፡ ዛዕባ ክብሪ ባንዴራን ሃገርን፡ ዛዕባ 21 ክፍለ ዘመን ክኸውን ኣምበይ ምተገብአን። የግዳስ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ኣእላፍ ዝተኸፍለላ ረዛን ባንዴራ ኤርትራ፡ ብሰሪ ሸለልተኛት ዝወርድ ዘሎ ግህሰት፡ ርእየ ከም ዘይረኣኹ ሰቕ ኢለ ክሓልፎ፡ ሞራላዊ ግዴታይን ሕልናይን ኣየፍቀዱለይን። ክንዲ ዝኾነ ድማ፡ ንሎሚ ከም እዋናዊ ዛዕባ "ባንዴራና፡ ክብራ ክሕለወላ ይግባእ!" ዝብል ኣርእስቲ ከልዕል ከም እተገደድኩ ንኣንባቢ ኣረጋግጽ።

ስለ'ዚ፡ ብመጠኑ ብዓቕመይ ኣብ ዘየደኩዎ ኣፈናዊ መጽናዕቲ፡ ካብኡን ናብኡን ድማ፡ ኣብ ባይታ ዝተላዕሉ ሰእልታት ብምስናይ፡ ኣብዞም ዚስዕቡ ኣርእስትታት ብምክፋል፡ ርእይቶይ ከቅርብ፦

ሀ. ታሪኽ ኣመጻጽኣ ባንዴራ

ለ. ድሕረ-ባይታ ባንዴራ ኤርትራ

ሐ. ሕግን ስርዓትን ባንዴራ

መ. ቅኑዕ ምስሊ (ሕብሪ፡ ዓቐን፡ ኣቃውማን ትርጉምን) ባንዴራ ኤርትራ

ረ. ግጉይ ምስሊ (ሕብሪ፡ ዓቐን፡ ኣቃውማን ትርጉምን) ባንዴራ ኤርትራ

ሰ. ዘይግባእ ኣጠቓቕማ ሰንደቕ ዕላማ

## ሀ) ታሪኽ ኣመጻጽኣ ባንዴራ

ባንዴራ (ሰንደቕ ዕላማ)፡ ሓደ ብቐንዑ ርቡዓዊ ወይ ብኣርባዕተ ጐድንታት ዝቖመ፡ ብሕብርታትን ዝተፈላለዩ ንድፍታትን ዝወቀበ ዓለባ እዩ። ባንዴራ ዝብል ኣምር ወይ ቃል፡ ንሓደ 'ንድፋዊ ስእሊ' (Graphic Design) ዝምልክት'ዩ። ቀንዲ ዕላማ ባንዴራ ድማ፡ መለለዪ ወይ ምልክት ናይ ሓደ ሕብረተ-ሰብ፡ ሃገርን ትካላትን እዩ። ስለ'ዚ፡ ባንዴራ ናይ ምልክትን መለለዩን (Symbol and Signal) መሳርሒ እያ። ምብህሃል ኣሸጋሪ ኣብ ዝኾነሉ ከባቢታት - ከም እኒ ማያዊ ኣከባቢታትን (Maritime Environments) ዓውደ-ኩናትን (Warfare) ብምልክት ንምርድዳእ ተባሂለን እየን ተማሂዘን። ስርዓተ-ባንዴራ ዘጽንዕ ዓውደ-ትምህርቲ (Vexillology) ይብሃል። ካብ ናይ ላቲን (Vexillum) ዝብል ቃል ዝተወሰደ ኮይኑ፡ ትርጉሙ ድማ፡ ባንዴራ ወይ ሰንደቕ-ዕላማ (Flag or Banner) ማለት'ዩ። እዛ ንሕና ተዛረብቲ ቛንቋ ትግርኛ እንጥቀመላ 'ባንዴራ' እትብል ቃል ድማ፡ ካብ ቋንቋ ስጳኛ ዝተረኽመት እያ (Flag-Spanish: Bandera)። ሃገራውያን ባንዴራታት እምብኣር፡ ኣህዛብ ዓለምና ከም ትእምርቲ ሃገራቶም ዝግልገሉለን ኣርማታት እየን። ብመንገደን ገይሮም ከኣ፡ ሃገራዊ ፍቕሮምን ክብሮምን ብምትሕሓል የወዓውዑን የመሓላልፉን።

ኣብ ዘመን ኣራት ከም'ዘን ናይ ዘመንና ዘይኮናስ፡ ንኣኣተን ዝመሳሰላ (Vexilloid= Flag-like) ዓለባታት ንኩናትን ቅዲ-ኩናትን ንምምራሕ፡ ዝተፈላለዩ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ጭፍራ ሰራዊትን ይጥቀሙለን ከም ዝነበሩ፡ ክኢላታት ናይ'ዚ ዓውዲ ይሕብሩ። ንኣብነት፡ ናይ ሰርወ-ነገስታት (Sassanid, DerafshKaviani, Roman legions, Augustus Caesar's Xth Bronze flag (Shadad-Kerman-Iran) legion and Dragon standards of the Sarmatians) ምዑታት ፈረሰኛታት ተዋጋእቲ ብቕድሚ ጭፍራ ኣርማታቶም (ባንዴራታቶም) እናኣንበልበሉ ይዋግኡን ኩናት ይመርሑን ነይሮም።

ኣብ ቀዳማይ ማእከላይ ዘመን፡ ባንዴራታት ከም ኣርማ ኩናት ኰይነን የገልግላ ነበራ። ኣብ ዓለባታትን ዋልታታትን እናተወቀጣ፡ ንምዑታት ተዋጋእቲ) ካብ ተራ ተዋጋእቲ ብቐሊሉ ንምልላዩም እውን የገልግላ ነይረን'የን። ኣብ ዳሕረዋይ ማእከላይ ዘመን፡ እንዳታት ምስ ተፈጥራ ድማ፡ ንመለለዩ ግዝኣታተን ይጥቀማለን ነይረን። ንኣብነት፡ ከም እኒ ዓባይ ሸወደን ኮንፈደረሽን ክጥቀሳ ይኽእላ። ኣብ መጀመርያ ሰልጡን ዘመን ከኣ፡ ባንዴራታት ልሙዳት ናይ ረጅመንት ምልክታት ኰይነን። ኣብ መጀመርያ 17 ክፍለ-ዘመን ወይ ዘመን-ድህሰሳ ድማ፡ ዳህሰስቲ መርከበኛታት መንነቶምን መንነት ሃገራቶምን ንምልላይ፡ ኣብ መራኽቦም ባንዴራታት ከንበልብሉ ጀመሩ። ብተወሳኺ፡ ንባንዴራታት ኣብ ማያት (ውቅያኖሳትን ባሕርታትን) ከም መረዳድኢ ይጥቀሙለን ከም ዝነበሩ ይፍለጥ። እዘን ሎሚ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለምና ዝጥቀማለን ዘለዋ ባንዴራታት እውን፡ ካብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣመዓባብላ ባንዴራታት ዝተበገሳ ምኳነን ተመራመርቲ ናይ'ዚ ዓውዲ የረጋግጹ።

ብኣጠቓላሊ፡ ባንዴራ፡ ካብ ነዊሕ ዘመናት ኣትሒዙ፡ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለት መሳርሒ እያ። ኣብ ቅያዊ ዛንታ (Mahabharatha) ሰፊሩ ከም እንረኽቦ፡ ቅድሚ 5,000 ዓመታት ኣብ መንነ ፓንዳቫሰን ካራቫሰን ኩናት ኣብ ዝበረሉ እዋን፡ ህንዳውያን ባንዴራ ተጠቒሞም ከም ዝነበሩ ታሪኽ መዝገቡዎ ኣሎ። ምናልባት ናይ መጀመርያ ባንዴራ ድያ ኣይኮነትን ግን፡ ዛጊት ብመርትዖ ክረጋገጽ ኣይከኣለን። ኣብ ታሪኽ፡ እታ ንመጀመርያ ግዜ ከም ሃገራዊት ባንዴራ ተመዝጊባ ዘላ ባንዴራ ግን፡ ሃገራዊት ባንዴራ ሃገረ-ደንማርክ ምኳና ታሪኽ ይምስክር። ሽዑ እዋን፡ እዛ ባንዴራ'ዚኣ፡ ብ1478 ኣብ ዓንዲ ባንዴራ ተሰቒላ ከተንበልብል ከኣለት። ብኡ መጠን፡ ክሳዕ ሎሚ፡ ኣብ ኣገልግሎት እትቕጽል ዘላ ባንዴራ ምኳና ይንገረላ። ብዘይካ'ዚ፡ ብመጀመርታ ብሰለስተ ዝተፈላለዩ ሕብርታት ዝቖመት ባንዴራ ኸኣ፡ ሃገራዊት ባንዴራ ሃገረ-ዝርላንድስ እያ።




ሕብርታት ኣብ ምልክት/ባንዴራ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። ንኣብነት፡ 'ጻዕዳ ባንዴራ' ምልክት ሰዕረት (ምምራኽ) ምኳኑ ይፍለጥ። ክንዲ ዝኾነ ድማ፡ ኣብ ኩናት 'ጻዕዳ ባንዴራ' ከንበልብል ዝረኣየ ወተሃደር ምቕታል ገበን እዩ። ካብዚ ብዘይፍለ እውን፡ 'ቀያሕ ባንዴራ' ንሓደጋን ንሽግርን እትውክል ምልክት እያ። ብተወሳኺ፡ ሃገራዊት ባንዴራ ሓንቲ ሃገር ንሓደ ሳዕን-ሬሳ እንተ ተጀኒና፡ እታ ሃገር ኣብ ልዕሊ መዋቲ (ሰውእ) ንዘህሉዋ ዝለዓለ ክብሪ የንጸባርቕ።

ብሓፈሻ፡ ባንዴራታት ብዓይነተን ኣብ ሰለስተ ይኽፈላ። ንሳተን ድማ፡

- በርገሳውያን ባንዴራታት (Civil flags) - ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን ትካላትን ይጥቀማለን።
- ወተሃደራውያን ባንዴራታትን (War flags) - ገለ ሃገራት (ከም በዓል ዓባይ-ብሪጣንያን ካልኦትን) ንወተሃደራዊ መንነተን ይጥቀማለን።
- ዓለም-ለኻውያን ባንዴራታት (International flags) - ሃገራት ዓለም ብሓባር ዝጥቀማላ ባንዴራ ውድብ ሕቡራት ሃገራት (Flag of the United Nations) እየን።

ብተወሳኺ፡ ሓንቲ ባንዴራ ኣርባዕተ ክፋላት (ኣካላት) ኣለውዋ። ንሳቶም ድማ፦

- ላዕለዋይ ክፋል ባንዴራ (Canton)
- ማእከላይ ክፋል ባንዴራ (Field or Ground)
- መላግቡ-ዓንዲ ባንዴራ (The hoist)
- ጫፍ ባንዴራ (The fly) ይብሃሉ።


## ለ) ድሕረ-ባይታ ባንዴራ ኤርትራ

ኤርትራ፡ ብ1919፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ፡ ንኽልተአን ሃገራት ዝውክል ሓደ ኣርማ ሰራዊት ነይሩዋ። እዚ ኣርማ'ዚ፡ ኣብ ኣፍ-ልቡ ጻዕዳ ኮኾብ ዝተወቀጠ ቀይሕ ኣንበሳ፡ ኣብ ታሕተዋይ ምድሩ ድማ፡ ብሸድሽተ ሰማያውን ጻዕዳን ማዕበላውያን ሕንጻጻት ዝቖመ'ዩ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ እቲ ቐይሕ ሕብሪ፡ ንገዛኢ ቤት ሳቮይ (Ruling house of Savoy) ይውክል ነበረ፤ እቲ ጻዕዳ ኮኾብ (Stellone d'Italia) ከኣ፡ ንምልክት ምክልኻል ህዝቢ ጣልያን ንምግላጽ ይውክል። እቶም ዝተረፉ ማዕበላዊ ሕንጻጽ ሰማያውን ጻዕዳን ድማ፡ ነቲ ሎሚ ስም ሃገረ-ኤርትራ ኰይኑ ዘሎ ማያት ቀይሕ-ባሕሪ (Latin-Erythaea= Eritrea) ይውክሉ። ኣብ 1924-1936 ድማ፡ ቀይሕ-ኮማንደር (Red chief) ከም ምልክት ሓድሽ ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢጣልያ ኣብ'ቲ ኣርማ ተወሲኹ። እዚ ምልክት'ዚ፡ ኣብ "ኢጣልያዊት ኣውራጃ" ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኤርትራውያን ዓስከር ከም ሓደ ክፋል ሰራዊት ኢጣልያ ምኳኖም ንምግላጽ ይውክል።

ኣብ 1941፡ ወተሃደራዊ ስርዓት ዓባይ-ብሪጣንያ ንፋሽሽታዊ ስርዓት ኢጣልያ ስዒሩ፡ ንኤርትራ ተቖጻጸረ። ድሕሪ ምልቃቕ መግዛእቲ እንግሊዝ ከኣ፡ ብ15 መስከረም 1952፡ ኣብ ኤርትራ ርእሰ-ምምሕዳራዊ ስርዓት ተመስረተ። እዚ ብደቀ'ባት ዝቖመ መንግስቲ ብግደኡ፡ ንመጀመርያ ግዜ ንሃገረ-ኤርትራ እትውክል ዓቐን 2:3 ባንዴራ ክስድፍ ግድን ኰኑ። ካብዚ መድረኽ'ዚ ንደሓር ከኣ፡ ሃሳስ ሰማያዊ ሕብሪ ዝምድሩ፡ ኣብ ማእከላ ኣኽሊል ቈጽሊ ኣውሊዕ ዘለዋ ኤርትራዊት ባንዴራ፡ ኣብ ሰማያት ኤርትራ ንዓሰርተ (1952-1962) ዓመታት ንምንብልባል ዕድል ረኸበት። ሽዑ፡ እቲ ኣብ ውሽጣ ዝርከብ ሰማያዊ ሕብሪ፡ ንኽብሪ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምውካል ተባሂሉ ዝኣተወ እዩ። እቲ ኣኽሊል ኣውሊዕ ከኣ፡ ንሰላም ይእምት። እተን ሽዱሽተ ኣቑጽልቲ ኣውሊዕ ድማ፡ ነተን ሽዑ ዝነበራ ሽዱሽተ ኣውራጃታት ምምሕዳር ኤርትራ ይውክላ ነበራ።

ኣብ 1962፡ መስፍናዊ ስርዓት ሃጼ ሃይለስላሴ፡ "ጠፊኣ ዝነበረት ኣውራጃ ኢትዮጵያ" ብዝብል ምስምስ፡ ብጦርነት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓለም ተሓጊዙ፡ ንኤርትራ ገበጦ፡ ይኹን'ምበር፡ እቲ ብምዕቡል ርእሰ-ማላዊ ስርዓት ዝመሓደር ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ዓቐን 2:3 ብድሕሪ መስፍናዊ-ስርዓት ከመሓድሮ ዝኽእሎ ስርዓት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ክጻወር ዝሕሰብ ኣይነበረን። ክንዲ ዝኾነ፡ ነቲ ብሰላማውን ፖለቲካውን ቃልሲታት ዝሰኣኖ ሕጋዊ መሰሉ፡ ብብረታዊ ቃልሲ ክምልሶ ተገደደ። በዚ መሰረት፡ ብመስከረም 1961 ብረታዊ

ናብ ገጽ 10 ይቕጽል





# ስፖርት

ተስፋኣለም ገብረዮሃንስ (ኲባ)



## ዕውትቲ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ትሕቲ-23 ዓመት ካብ ካሜሩን ተመሊሳ

ካብ 4-9 ለካቲት 2019 ኣብ ካሜሩን ኣብ ዝተኻየደ ብTour de L'Espoir ኣብ ዝጽዋዕ ኣህጉራዊ ውድድር ብምስታፍ ሻምፕዮን ዝኾነት ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ መንእሰያት ኤርትራ ትሕቲ 23 ዓመት፡ ሰኑይ 11 ለካቲት ናብ ሃገራ ምምላሳ ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኣፍሊጡ።

እታ ዕውትቲ ሃገራዊት ጋንታ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ክትኣቱ እንከላ፡ ኣባላት ፈጻሚት ኣካል ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ንኹሎም ኣባላታ ሕቑፍ ዕንባባ ብምብርካት ምውዒቕ ኣቀባብላ ገይሮሙላ። ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ንኹብሪ'ታ ጋንታ ኣብ ሆቴል እምባሶይራ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምሳሕ እንግዶት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዘመዝገቡዎ ወጽኢት ነቲ ብደረጃ ኣህጉር ይኹን ዓለም ንዘጸንሓና ተወዳዳርነት ናብ ዝበረኸ ደረጃ ዘደየበ ዓቢ ዝላ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብ ቀጻሊ ጉዕዞኦም ምትብባዕ ህዝብን መንግስትን ከምዘይፍለዮም ሓቢሩ። ኣብቲ ሓሙሽተ መድረኻት ዘጠቓለለ ኣህጉራዊ ውድድር፡ ኤርትራ ንኣህጉራት ኣፍሪቃ፡ ኤስያ፡ ኤውሮጳን ደቡብ ኣመሪካን ብምውካል ኣብቲ ውድድር ንዝተሳተፉ 18 ሃገራት በለጸ ንሃገራውያን ጋንታታት ኢኳዶር፡ ኢትዮጵያን ሩዋንዳን ኣኸቲላ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዓ ውድድራ ክትዛዝም እንከላ፡ ኣብ ናይ ውልቂ ተቐዳደምቲ ሓፈሻዊ ወጽኢት ብጫ ማልያ ተቐዳደምቲ ያቆብ ደብሳይን ናትናኤል መብራህቱን ቀዳማይን ካልኣይን ብምውጻእ ውድድሮም ብዓወት ዛዚሞም። ብዘይካ'ዚ ኣብቲ ቀጠልያ ናይ ክብሪ ማልያ ዘሸልም ውድድር ነጥቢ፡ ተቐዳደምቲ ናትናኤል ተስፋጽዮን፡ ያቆብ ደብሳይን ናትናኤል መብራህቱን ተኸታቲሎም ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ብምውጻእ ድሙቕ ዓወት ከመዝገቡ እንከለው፡ ኣብ ናይ ኣንበሳ ዓቕብ ውድድር ድማ ተቐዳደምቲ ናትናኤል መብራህቱን ያቆብ ደብሳይን ንኢኳዶራዊ ሃሮ ዊልሰን ብምኽታል ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃታት ብምሓዝ ውድድሮም ብዓወት ፈጺሞም።



ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣብዚ ኣህጉራዊ ውድድር ጾብለል ኢላ ውድድራ ብምዝዛማ፡ ኣብቲ ኣብ ወርሒ ኑሓሰ 2019 ኣብ ፈረንሳ ዝካየድ ብንእሽቶ ውድድር ቱር-ዲ- ፍራንስ ኣብ ዝጽዋዕ ውድድር ቱር-ዲ ኣቬኒር ናይ ምስታፍ ዕድል ምርካብ ብተወሳኺ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ምስ ዜና ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና ኣብ ዝተኣሳሰር ካልእ ዜና፡ ምስ ካዛኪስታናዊት ክለብ ኣስታና ፕሮፈሽናል ውድድሩ ኣብ ምኪያድ ዝርከብ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱስ ምስ ጋንትኡ ኣብ ሰጳኛ ክካየዶ ዝቐጸ ኣህጉራዊ ውድድር ዛዚሙ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ሓቢሩ ናብ ኣስመራ ተመሊሱ ኣሎ።

## ናብ ምስልጣን ዓለም ዝተመልሰ ስኮለስ ካብ ሞሪኖ ነቐፌታ ይጸብ

ኣከፋፋሊ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝን ማንቸስተር ዩናይትድን ዝነበረ ፖል ስኮለስ፡ ኣሰልጣኒ ኦልድሃም ኮይኑ ተመዚዙ ኣሎ። ክለብ ኦልድሃም ኣብ ካልኣይ ዲቪዥዮን ክለባት እንግሊዝ እያ እትጻወት። ስኮለስ ኣብዚ ናይ ምስልጣን ግዜኡ ካብ ሞሪኖ ከቢድ ነቐፌታ ከም ዝጽበ ገሊጹ ኣሎ። ፖል ስኮለስ ቅድሚ ናብ ምስልጣን ዓለም ምምላሱ ተንታኒ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ኮይኑ ኣብ ዝተፈላለየ መደበራት ቴሌቪዥን ሰሪሑ እዩ። ጆሴ ሞሪኖ ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ኣብ ልዕሊ እቲ ኣሰልጣኒ ከቢድ ነቐፌታ ካብ ዘውርዱ ዝነበሩ ተንተንቲ፡ ስኮለስ ቀዳሚ ሓደ ይሰርዕ። ስኮለስ ንሞሪኖ ብዘምልከት ንዝቐረበሉ ሕቶ "ከም ዝመስለኒ ንሱ ሞሪኖ ምኻኑ'ዩ ኣብ ወጽኢት ከተኩር እዩ፡ ነቲ ዝካየድ ግጥማት ክዕዘቦ ደዩ ኣይክዕዘቦን ግን ርግጸኛ ኣይኮንኩን" ብምባል ሞሪኖ እንተስ ብቐጥታ እንተስ ብተዘዋዋሪ ክከታተሎ ምኻኑ ገሊጹ።

ብርክት ዝበሉ ተንተንቲ ንእኡ ከይዶ ግጥማት ክዕዘቡዎ እዮም ዝብል እምነት ዩብሊየን። ብዛዕባ ናብ ምስልጣን ዓለም ክኣቱ ስለዝደለኹ ተመሊሰ ኣለኹ። " ድሕሪ ምባል ስኮለስ ቀጺሉ "እንተኾነ ኣተሓሳስባይ ክፉት እዩ፡ ኣዝዩ ነቓፊ ኮይነ እየ ጸኒሐ፡ ኣነውን ድሉው ኣለኹ" ኢሉ። ተጻወትቲን ኣሰልጠንቲን ነቲ ብተንተንቲ ዝወሃብ ርእይቶ ኣቓልቦ ዘህቡሉ ጉዳይ ኣርደኣንን እዩ ዝበለ ስኮለስ፡ "እቶም ተንተንቲ ኣቢታ ዝዕዘቡዋ ጸወታ ዝህልዎም ርእይቶ እዮም ዝገልጹ ብኡኡ ድማ ይኸፈሉ" ድሕሪ ምባል "ሓደ ዝኾነ ሰብ ኣብ ከምኡ እንተገይሩ ብዙሕ ግምት ኣይህቦን። ስለምንታይ ኣነ ተሓታትነተይ ንወናኒ እታ ክለብ ምዃኑ ይፈልጥ እየ" ኢሉ። ጫማኡ ድሕሪ ምስቃሉ ኣብ ማንቸስተር ዩናይትድ ንሓጺር እዋን ኣሰልጣኒ ኮይኑ ዝሰርሐ ዝነበረ ፖል ስኮለስ ዝሓለፈ ሰኑይ እዩ ኣሰልጣኒ ኦልድሃም ኮይኑ ተመዚዙ።



## ግጥማት ሻምፕዮንስ ሊግ

ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ሎሚ ምሸት ብዝካየዱ ናይ ዙር 16 ግጥማት ኣውዲቓካ ምሕላፍ ቀጺሉ ከምሲ እዩ። ኣብዚ ውድድር ኣርባዕተ ክለባት ካብ እንግሊዝ፡ ሊቨርፑል፡ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ማንሲቲን ቶተንሃምን። ሰለስተ ክለባት ካብ ስጳኛን (ሪያል ማድሪድ፡ ባርሰሎናን ኣትሌቲኮን) ጀርመንን (ባየር መኒኽ፡ ቦርስያ ዶርትመንድን ሻልከን)፡ ክልተ ካብ ኢጣልያን (ጁቬንቱስን ሮማን) ፈረንሳን (ፒኤስጂን)፡ ከምኡ ድማ ሓሓንቲ ካብ ፖርቱጋልን (ፖርቶ) ዝርላንድን (ኣያክስ) ብድምር 16 ክለባት ተጻሚደን ደርከባ።

ሓደ ካብቶም ብኣግኡ ኣቓልቦ ስሒቦም ዝርከቡ ግጥማት፡ ቶተንሃም ሎሚ ምሸት ኣብ ለንደን ንቦርስያ ዶርትመንድ እተኣንግደሉ ጸወታ እዩ። እዘን ክለባት ኣብ ኩዕሶ መሰረት ዝገበረ ቅዱ ዝኽተላ ብምዃነን፡ ሐያሎኦም ዝለዋ ተጻወትቲ ድማ ብዕድመ መንእሰያትን ሱሓቢ ናይ ቴክኒክን ታክቲክን ጸወታ ዝመልኩ ብምዃኖምን እዩ። ቶተንሃም ካብቲ ኣዝዩ ቡዓሊ ምድብ ንዝረኸቡዎ ጸቢብ ዕድል ተጠቒማ'ያ ናብዚ መድረኽ በጺሓ፡ ኣሰልጣኒ ማውሪስዮ ፖቸቲኖ ኣብ ኢጋ ምዝዛም ናይ ምድብ ግጥማት ኣብ ልዕሊ ክለባት ፒኤስቪን ኢንተር ሚላንን ተዓዊቱ'ኳ እንተነበረ፡ እዚ ግን ንቶተንሃም ናብ ዝቕጽል መድረኽ ንምስጋር እኹል ኣይነበረን። ስለዚ ድማ ንናይ መወዳእታ ናይ ምድብ ግጥም ኣንጻር ባርሰሎና ክጸብ ነይሩዎ። ካብ ትጸበት ብዙሓት ወጻኢ ድማ ኣብ ስታድዩም ኑ ካምፕ ምስ ባርሳ ማዕረ ብምፍልላይ ቶተንሃም ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ሰጊራ።

ቦርስያ ዶርትመንድ ንምድባ መሪሓ እያ ሓሊፋ። መራሒት ቡንደስ ሊጋ ዘላ ዶርትመንድ ሓለቓ ጋንታኣ ማርኮ ረውስ ሎሚ ኣንጻር ቶተንሃም ኣብ እተካይዶ ግጥም ቀዳማይ እግሩ፡ ብዘጋጠሞ ምጭብባጥ ጅማት ከም ዘይሰለፍ ይንገር ኣሎ። ማርኮ ረውስ ኣብዚ ዓመተ ስፖርት ብማልያ ዶርትመንድ ኣብ ኩሉ ውድድራት 17 ሸቶታት ብምምዝጋብ ኮኾብ ኣመዝጊቢ ሸቶ እታ ጋንታ ኮይኑ ዝመርሕ ዘሎ እዩ። ዶርትመንድ ኣብዚ ናይ ሎሚ ግጥም ኣብ ቦታ ረውስ ንወዲ 18 ዓመት እንግሊዛዊ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ጆርደን ሳንቾ ከተሰልፍ ከም እትኽእል ይግመት። ዶርትመንድ ኣብ ውድድር ወሸጢ ዓዲ ኣከታቲላ ነጥቢ ከተጥፍእ ተራእያ ኣላ፡ ብወርደር ብሬመን ኣብ ግጥም ዋንጫ ጀርመን ክትስዓር እንከላ፡ ምስ ሆፈንሃይም ድማ ኣብ ቡንደስ ሊጋ 3ብ3 ተፈላልያ። ብወገን ቶተንሃም ነቲ ብምኽንያት ማህረምቲ ወሰንቲ ተጻወትታ ከጋጥማ ተሰጊኡ ዝነበረ ቅልውላው ወጽኢት ሰጊራ ኣብ ዝሓሸ ኣቃውማ ከም እትርከብ እዮም ተንተንቲ ዝገልጹ። ተንታኒ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ጁልያን ላውረንስ "ሃሪ ኬን ይኹን ደለ ዓሊ ኣብ መጉዳእቲ እዮም ዘለው። ይኹን እምበር ኣብ ኣተኣማምኒ ብቕዓት ዝርከብ ሶን ዝዘይምህላው እዞም ተጻወትቲ ከምዘይዝከር ገይሩዎ ይርከብ" ብምባል ንህሉው ቁመና ቶተንሃም ገሊጹዎ። ናይ ሎሚ ግጥም ኣብ ሜዳኣ እተካይድ ቶተንሃም፡ ተረባሒት እዚ ዕድል ክትከውን ከም እትኽእል ይግመት።

### ቪኤኣር ኣብ ግጥማት ሻምፕዮንስ ሊግ

ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ፡ ንደያኑ ብቪድዮ ናይ ምሕጋዝ ቴክኖሎጂ ኣብ ግጥማት ሻምፕዮንስ ሊግ ከም ዝተኣታተወ ኣፍሊጡ። ግጥማት ሻምፕዮንስ ሊግ ንክልተ ኣዋርሕ ኣዕሪፉ ድሕሪ ምጽናሕ ካብ ትማሊ ሰሉስ 12 ለካቲት 2019 ኣትሒዙ ብዮጥማት ኣውዲቓካ ምሕላፍ ናይ ዓመተ 2018/19 መደባቱ ቀጺሉ ኣሎ። ዩዌፋ ነዚ ናይ ቪድዮ ቴክኖሎጂ ኣብ ናይ ምድብ ጸወታታት ከይተኣታተወ ኣገዳሲ ምጽናሑ ይፍለጥ። በዚ መሰረት ቪኤኣር ካብቲ ትማሊ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣንጻር ፒኤስጂ ከምኡ ድማ ፖርቶ ኣንጻር ሮማ ዝተኻየደ ናይ ኣውዲቓካ ምሕላፍ ግጥማት ቀዳማይ እግሪ ኣትሒዙ ኣብ ጥቕሚ ወዒሉ ኣሎ።



" ቪኤኣር ንደያኑ ኣብ ኣርባዕተ ወጽኢት ጸወታ ክቕይሩ ዝኽእሉ ውሳነ ዘድልዮም ኣጠራጣሪ ፍጻመታት ማለት፡ ሸቶታት፡ ኣብ ክሊ ሳንዱቕ ቅላዕ መቕጻዕቲ ዝኸስቱ ፍጻመታት፡ ቀይሕ ካርድን ጌጋ ውሳነን ንምሕጋዝ ኣብ ግብሪ ክውዕል እዩ" ይብል ወግዓዊ መግለጺ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ፡ እቲ መግለጺ ኣሰዒቡ "ቪኤኣር ኣብ ጭብጥ መርትዖ ተመርኲሱ ኣብዞም ዝተጠቕሱ ንወጽኢት ጸወታ ናይ ምቕያር ጽልዋ ዘሕድሩ ፍጻመታት ንደያኑ ክሕግዝ እዩ። እቲ ዳኛ ካብ ዝቐርበሉ ጻውዒት ተበጊሱ ኣብ ዝተዓለወ መወከሲ ከይዱ ነቲ ፍጻመ ብምርኣይ ውሳነ ክሁብ እዩ" ብምባል ንኣገባብ ኣሰራርሓ ናይቲ ቴክኖሎጂ የብርሁ።

"ቪ. ኤ. ኣር ኣብ እዋን ህንጸት መጥቃዕቲ ንዝፍጸሙ በደላት እውን ክምልከት እዩ።" ዝበለ መግለጺ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ "ከም ካብ ጸወታ ወጻኢ 'offside' ወይ እውን ኣብ ክሊ ሳንዱቕ ቅላዕ መቕጻዕቲ ይኹን ካብኡ ወጻኢ ጌጋ ጸወታ 'foul' ምስ ዝፍጸም፡ ንምእካላይ ዳኛ ብቪኤኣር ክሕበሮ እዩ። እንተኾነ ዳኛ ንኸይምዝኣም ዝበሉ ሓበሬታታት ናብ መርኣዪ ቦታ ከይዱ ተዓዚቡ ውሳነ ክህበሉም ኣይግደድን" ብምባል ንተጠቃምነት እቲ ቴክኖሎጂ ብሰፊሑ ኣብሪሁ።



**መደብ ጸወታ**

ሻምፒዮንስ ሊግ

ሎሚ ምሸት

ቶተንሃም ምስ ዶርትመንድ ሰዓት 11፡00

ኣያክስ ምስ ሪያል ማድሪድ ሰዓት 11፡00

ዘርኣይ ብርሃነ
ኣ/ዜ/ዞ/ደቡብ

# ኤለክትሪክ ኣብ ዓድታት ን/ዞባ ድባርዋ

ኣብ ኤርትራ ቀረባት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ኣካል'ቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰረቱ ፖሊሲ መንግስቲ ኮይኑ፡ ኣብ ርሑቕን ቀረባን ዝርከባ ገጠራትን ከተማታትን ብብደረጃኡ ቀረባት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክዋደደለን፡ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ ብዕቱብ እዩ ክሰርሓሉ ጸኒሑን ዘሎን።

ኩለን ገጠራት መጀመርያ ቀረባት ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ኣገልግሎት ሕክምና፡ ኣገልግሎት ትምህርትን መጕዓዝያን፡ ቀጺሉ ድማ ኣገልግሎት ኤልክትሪክሲትን ካልኦት ጠለባትን ክረኽባ ድሌት ተቐማጦአንን መንግስትን ኮይኑ፡ ከከም ቀዳምነቱ ምስ ዓቕሚ መንግስቲ ተዛሚዱ ዝሳላሰል ዘሎ ሃገራዊ ዕማም እዩ።

ንሎሚ፡ ኣብ ን/ዞባ ድባርዋ ዝርከባ 43 ዓድታት ኣገልግሎት ኤለክትሪክሲቲ ንኽረኽባ ዝካየድ ዘሎ ስራሕን፡ ተቐማጦ እተን ዓድታት ዝሃቡዎ ርእይቶን ኢና ከነቕርበልኩም።



ኣብ ን/ዞባ ድባርዋ፡ ኣብ 28 ምምሕዳር ከባቢታት ዝመሓደራ 82 ዓድታት ክህልዋ እንከለዋ፡ ንተቐማጦ እተን ዓድታት ዘገልግላ ሸሞንተ ትካላት ጥዕና፡ ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝዘርጋሓ 39 ኣብያተ-ትምህርትን ደረጃኡን ብቕዓቱን ዝፈላለ ኣገልግሎት ቀረብ ዝስተ ማይን ተዋዲዱ ንህዝቢ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ይርከብ።

ኣብ ቀረብ ኣገልግሎት ኤለክትሪክሲቲ ድማ፡ ሸሞንተ ዓድታት እቲ ን/ዞባ ካብ 2008 ጀሚረን ኣገልግሎት ክረኽባ እንከለዋ፡ ካብተን



ዝተረፋ 72 ዓድታት ኣብተን 43 ዓድታት ኣገልግሎት ኤለክትሪክሲቲ ንኽታኣታቶ ሓያል ስራሕ ይካየድ ኣሎ።

ኑቲ ስራሕ ዝመርሕ ዘሎ ኣብ ሃገራዊ ኮርፖረሽን ኤለክትሪክሲቲ ኤርትራ ሓላፊ ፕሮጀክት ራብዓይ ገጽ ምዝርጋሕ ኤለክትሪክ ኣብ ገጠራት ን/ዞባ ድባርዋ ኢንጂነር መርሃዊ ኢሳቕ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ራብዓይ ገጽ ምዝርጋሕ ኤለክትሪክ - ማለት ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ድባርዋ ከባቢ 2012 ጥሪ እዩ ጀሚሩ። ብዝተፈላለየ ምኽንያት ነዊሕ ግዜ ወሲዱ፡ ኣብዚ ሰዓት'ዚ ከኣ ሕጂ ኣብ 2018 ወርሒ 12 ምሃብ ኤለክትሪክ ተጀሚሩ ማለትዩ። ክሳብ እዛ ሰዓት'ዚኣ ሸውዓተ ዝኾና ዓድታት፡ ኣሰማተን ንምጥቃስ - ዛውል፡ ዓዲ ሃሎ፡ ዓዲ ሰልዳይት፡ ዓዲ ከልከልቲ፡ ዓዲ ሓየ፡ ዓዲ ሽረፈቶ፡ ዓዲ ጸንዓይ ኤለክትሪክ ሂብና ኣለና።" ኢሉ።

ኢንጂነር መርሃዊ ከምዝሓበሮ፡ ድሮ ኣብዘን ዝተጠቕሳ ዓድታት 1137 ቆጸርቲ ተዓዲለን፡ ህዝቢ ብርሃን ረኺቡ፡ ኩሉ ዘቤታዊ ዕዮኡ ብዝቐለለን ብዝቐልጠፈን ከሳልጥ በቒዑ ኣሎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ተቐማጦ እተን ዓድታት ምስ ኣባላት ኮርፖረሽን ኤለክትሪክሲቲ ብምውህሃድ ብዘካይዱዎ ዘለዉ ስራሕ፡ ኣብተን ዝተረፋ 36 ዓድታት ብብደረጃኡ ኤለክትሪክ ንምዕዳል ሓያል ስራሕ የካይዱ ኣለዉ።

ኣመሓዳሪ ናይተን ድሮ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ዝረኸባ ኣብ ምምሕዳር ዓዲ ሽረፈቶ ዝጥርንፉ ዓድታት - ዓዲ ሓየ፡ ዓዲ ጸንዓይን ዓዲ ሽረፈቶን ኣቶ ሙብራህቱ ወልደኪሮስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እተን ኣብ ምምሕዳሩ ዝርከባ ዓድታት ብበዓዚ ብመንግስቲ ብዝተገበረለን ቀላሕታ፡ ኣገልግሎት ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ኣገልግሎት ናይ መባእታ ትምህርትን ኣገልግሎት ኤለክትሪክሲትን ብቐረባ ክረኽባ ምብቀዐን፡ ተቐማጦ እቲ ከባቢ ሳላ ዝተዋደደሎም ቀረባት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ርጉእ ሂወት ይመርሑ ከም ዘለዉ ሓቢሩ።

ኣብ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ዓዲ ሽረፈቶ ዝምህር መምህር ዘመንፈስ እስጢፋኖስ ብወገኑ፡ ምእታው ኤለክትሪክ ናብቲ ዓዲ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን እወንታዊ ጽልዋ ከም ዘለዎ ብምጥቃስ፡ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ቅድሚ ሕጂ ዘይነበረ ትምህርቲ ኮምፕዩተር፡ ካብ ሕጂ ጀሚሮም ንኽታኣታትውዎ መደብ ከምዘለዎም ገሊጹ።

ኣዴታትን ዓበይቲ ዓድን ናይ'ተን ኤለክትሪክ ዝረኸባ ዓድታት እውን፡ መንግስቲ ብብግዚኡ ብዘዋደደሎም ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ጾር መንብሮ ክቃለለሎም ክኢሉ ምህላዉ ሓቢሮም። እቲ ዝጐደሎም ብብግዚኡ ክማልኣሎም ምኳኑ እውን ምስ ምሉእ ምትእምማን ይገልጹ።

ህላወ ኤለክትሪክ ኣብ ገጠራት፡ ኣብ ድሕነት ኣግራብ ዓቢ ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ተቐማጦ እዘን ድሮ ኤለክትሪክ ክረኽባ በቒዐን ዘለዋ ዓድታት፡ ኣብ ምዕቃብ ኣግራብ ኣበርክቶኦም ክገብሩ በዚ ኣጋጣሚ ዝኾሳኸሩ።

ካብ 8ይ ገጽ ዝቐጸለ

# ባንዴራና፡ ክብራ ክሕለወላ. . .

ተጋድሎ ኣወጀ። ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ'ውን፡ ንህዝባን መኸተኡን እትውክል ጣንዴራ ክንደፍ ግድን'ዩ ነይሩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኣውራ ህግሓኤ ኣብ በኸሪ ውድባዊ ጉባኤኡ፡ ብጥሪ 1977፡ ኣብ መጽኣት ኤርትራ ንዝገራውያን እትውክል ባንዴራ ኣጽደቐ። እታ ሽዑ ዝተጎድፈት ባንዴራ ኸኣ፡ ነዛ ገና ኣብ ንጡፍ ኣገልግሎት እትርከብ ባንዴራ ኤርትራ ትመስል ነይራ። ብመሰረት ውሳነ ጉባኤ ህግ፡ ባንዴራ ኤርትራ፡ ሕብርታታ ቀጠልያ፡ ቀይሕን ሰማያውን፤ ቅርጻን ምድራን ሰለስ ኩርናዕ ክኾኑ፡ ኣብ ማእከላ ድማ፡ ብጫ ኮኾብ ክህሉዋ ብወግዒ ጸደቐ። እዞም ሕብርታትን ቅርጽታትን ድማ፡ ንሕርሻዊ፡ ገድላዊ፡ ባህርያውያን ማዕድናትን ሃብቲ ባሕርን ይውክሉ።

ኣብ ግንቦት 1991 ናጽነት ኤርትራ ብቐልጽም ደቃ ስለ እተጋህደ ኸኣ፡ ነታ ብሰውራ (ህግሓኤ) ዝመጽኣት ባንዴራ ቍሩብ ብምምሕያሽ፡ ብ24 ግንቦት 1994 ወግዓዊት ዓቐን 1፡2 ብምዃን ሕጋዊት ባንዴራ ኹይና ጸደቐት። እዛ ንልኡላዊት ሃገረ-ኤርትራ እትውክል ሕጋዊት ባንዴራ ኤርትራ፡ ነታ ኮኾብ ብ14 ቈጽልታት ኣውሊዕ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ጐድንታት (14+14=28) ዘለዋ ኣኽሊል ተተኪኡ፡ ኣብ ክንዲ ህዝባን ሃገርን ኤርትራ ብምዃን ንውሸጥን ንደገን ኣብ ምውካል ትርከብ። ድሕሪ'ዚ፡ ባንዴራ ኤርትራ ብ1995 ዳግማይ ቍሩብ ስለ ዝተኸለሰት፡ ብሕልፊ እተን ኣቐጽልቲ ብ15 (15+15=30) ተተኪአን ይርከባ።

ሐ) ሕግን ስርዓትን ባንዴራ

ብሓፈሻ፡ ኣብ መብዛሕትኡን ሃገራት ዓለም ባንዴራ ምብልሻው ነውሪ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ብዕሊ'ውን ዘቕጽዕ እዩ። ብርግጽ ንምፍላጥም ድማ፡ ንባንዴራ ብዘይወግዒ ምቅጻል፡ ምርጋጽ ይኹን ኣብ መሬት ፈፊው ምግባል፡ ምጕሓፍን ብዘይግቡእ ኣብ ዓንዲ ባንዴራ ምስቃልን ከም ምርኻስ ባንዴራ ስለዝሕሰብ፡ ብገበን የሕትቱ እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ ብእርጋን ኰነ ብምብልሻው ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝኾነት ባንዴራ፡ ካብ ዓንዲ-ባንዴራ ብስነ-ስርዓት ድሕሪ ምውራድ፡ ብግቡእ ተዓጺፋ ኣብ ውሑስ ቦታ ክትቅመጥ ይግባእ። ድሕሪ'ዚ፡ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ብምርድዳእ ወይ ብምፍቃድ፡ ብጥንቃቐ ክትውገን ትኽእል።

ንኣብነት፡ ኣብ ዓንቀጻት 'ደንብ ባንዴራ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝ. ዝስዕብ ሓሳብ ትረክብ– "ዝኣረገት ወይ ዝተበላሸወት ባንዴራ ሕ.መ.ኣ. ብዘለዓለ ማዕርግ ትቃጸል" ("with dignity, preferably by burning") ይብል። እቲ መምርሒ፡ ኣብ እዋን ምቅጻላ፡ ክሳብ ላዕለዎት መኰንናትን ሓርበኛታትን ከዕጀብዋ ይእዝዝ። ብተወሳኺ፡ ዕድመ ባንዴራ ሕ.መ.ኣ. ኣብ ዓንዲ-ባንዴራ 90 መዓልታት ጥራይ ምዃኑ የዘኻኽር። ባንዴራ ኣብ ዓንዲ-ባንዴራ ቍልቍል ኣፋ ምስቃል ድማ፡ ክልተ ትርጕማት ኣለዎ። ቀዳማይ፥ ሓንቲ ሃገራዊት ባንዴራ ቍልቍል ኣፋ ተደፊኣ ምስ እተንበልብል፡ እታ ነዛ ባንዴራ እትውንን ሃገር ኣብ ከቢድ ስቓይን ጭንቀትን ከም ዘላ ይሕብር። ካልኣይ፥ ሓንቲ መርከብ ወይ ጃልባ ቍልቍል ኣፋ ዝተሰቐለት ባንዴራ እንተ ኣንበልቢላ ኸኣ፡ እታ መርከብ ወይ ጃልባ ትጥሕል ከምዘላ ብምእማት፡ ናይ ርድኡና ሓገዝ ትሓትት ከም ዘላ የመልክት።

ይቕጽል

መም/ወልደዝጊ ቀለተ
ኮ/ባህልን ስፖርትን

# ብስእሊ

ተኽለማርያም ተኽስተ



በቃ ኣብቂዑ! ግዳ ንሱ እንተዘይተዛረበ
ኩሉ'ቲ ናብዛ ሕጂ በጺሑዋ ዘሎ ኩነታት ክሳብ ዝበጽሕ ዝሃቦ ኣገልግሎት ክምስክር እዩ።

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. Position: Electrical & Instrumentation Superintendent
   Department: Engineering
   Number Required: One (01)
   Contract Type: fixed (two years)

- Primary Purpose
  - Managing the Process plant Electrical and Instrumentation engineering section in relation to both maintenance and project works. This includes control of direct supervisors and tradesman to ensure operating targets and budgets set are achieved/exceed in compliance to company safety and health policies.
- Main Function
  - Planning
  - Implementation
  - Reporting
  - Supervise/Manage team
  - Hands on electrical labour for both maintenance, shift coverage and/or construction works

- Tasks and descriptions Expanded to Core Performance Areas

- Planning
  - Participate in suggesting new ideas/proposals, as well as encouraging others to improve the Process Plant Engineering Division operation.
  - Understand and enforce Standard Operating Procedures (SOP's).

- Implementation of the Plan
  - Ensuring all maintenance and repairs on the Plant are completed in line with plans to ensure an efficient and effective operation and maintenance of equipment and schedules, in order to achieve/exceed operational targets to maximise plant up-time.
  - Ensure safety requirements are fulfilled at the work place, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/ incidents.
  - Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Ensure all hazards and risks are identified, reported and eliminated.
  - Coordinate the Plant Engineering Division resources (people; equipment; spares/consumables; and facilities to ensure processing utilization and cost management objectives meet or exceed targets.
  - Assists with managing the monthly expenses vs budgets.
  - Ensure production, quality and costs are in line with budget.
  - Ensure appropriate level of resourcing. (Maximise efficient use of materials, tools, lifting equipment).
  - Manage engineering/mechanical activities according to plans, legislation, client needs, best practices and principles to conform to standards, methods and procedures.
  - Carry out routine maintenance and visual inspections within area of responsibility to identify issues.
  - Follow Mine Maintenance Operating System.
  - Provide labour for maintenance, operations and construction for whole of site facilities.
  - Managing control loop tuning function and associated maintenance.

- Reporting
  - Ensure that the Plant's "Information System" is updated.
  - Ensure "Flash Reports" are accurate and submitted on time (daily; weekly; monthly).
  - Carry out ICAM investigations and ensure any issues arising from such are dealt with in a timely manner.
- Managing the team
  - Provide technical support for the team, as and when required.
  - Provide training and mentoring for the team (especially safety standards and procedures).
  - Ensure all Process Plant Engineering Division personnel and contractors, work in accordance with relevant laws, regulations, company policies and procedures.
  - Promote good Process Plant Engineering Division behaviour. Motivate team to become "performance driven".
  - Lead team to improve current engineering processes.

- Unique Requirements/ Other Information
  - Candidate employment age 55 years maximum
  - Candidate must be physically & medically fit
  - Candidate must have full class A (or highest possible class in their respective countries) Electrical work qualifications recognized by an international standard body
  - Relevant Fixed plant ( process plant) electrical experience MV ranging from 6.6kV up to 22kv
  - Overhead line distribution experience would be an added advantage 6.6kV up to 22kV
  - Must be able to perform MV switching from MV substation ( Allen Bradley and Schneider)
  - Relevant experience on VSD & Liquid starters Motors up to 4 MW
  - Relevant LV experience 690Vac, 400VAC, 220VAC ( inclusive of VSD,DOL)
  - Relevant process plant instrumentation maintenance experience.
  - Relevant process plant instrumentation and control loop cascade.
  - Relevant experience in PCS/DCS interface with instrumentation.
  - Prior experience working with multinational cultures
  - Must be able to work outside, exposed to Heat, wind and dusty environments
  - Must be able to work at Heights
  - Must have a Light vehicle license

| **Qualifications:** |
|---|
| Technical College Electrical Diploma Or Degree. |
| International recognised trade certificate(Consisting of 4 years or above duration) of electrical for expatriates) |
| |

| **Knowledge and Experience:** |
|---|
| 15+ years relevant experience as hands on electrician. |
| 10+ experience in mining and/ or oil & gas industry |
| 5-10 years experience as hands on supervisor |

| **Technical Skills** | **Behavioural Skills** |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – intermediate) | Communication (English) |
| Attention to detail | Assertiveness |
| Analytical skill | Interpersonal Relations |
| Electrical& maintenance experience | Integrity |
| Problem Solving skill | Prioritize Skill & multi-skilling |
| Supervisory experience | Ability to work towards strict deadlines |
| | High level of accuracy |
| | Coaching and team building skill. |
| | Self-motivation |
| | Cultural diversity experience |

## GENERAL INFORMATION

- **Place of Work: Bisha Site**
- **Salary: As per company salary scale**

**Additional Requirement for Nationals**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence for release paper from Ministry of defense**
- **Present clearance paper from current/last employee**
- **Testimonial documents to be attached( CV, work experience crediantials, a copy of your national Identity Card etc)**
- **Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned back to sender**
- **All Applications should be sent though the post office.**
- **Deadline for application; 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Bisha Mining Share Company,**
  **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment permits Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.**

ታደሰ ተኽለ

# ቱርኪ ኣብ ዕልዋ ዝተሳተፉ ትሃድን



ቱርኪ፡ ኣብቲ ቅድሚ ክልተ ዓመት ዝተኻየደ ዕልዋ መንግስቲ ተሳቲፍቲ ከም ዝነበሩ ዝጥርጠሩ ኣማኢት ሰባት ንምሓዝ ሓያል ስርሒት ተካይድ ከምዘላ ጸብጻባት ሓቢሮም።

እቶም ንኽእሰሩ ዝድለዩ ዘለዉ ጥርጡራት ኩሎም ኣባላት ፖሊስ ከም ዝኾኑን፡ ኣብ 2010 ማዕርግ ንምውሳኽ መርመራ ምስ ተዋህቦም፡ ንቲ ናይ መርመራ ሕቶታት ኣቐዲሞም ብምስጢር ረኺቦሞ ምንባሮም ከም ዘተረጋገጸን ጸብጻብ ዶቸቬለ ሓቢሩ።

እቶም 1,112 ዝኣኽሉ ጥርጡራት ኣባላት ፖሊስ፡ ዕልዋ ንምኪያድ ብዙሓት ወገናት ዝተወደቡ ከም ዝነበሩ ዝሕብር መንግስታዊ ምንጪ፡ ኣብ ኩሉ ኣገዳሲ መንግስታዊ ናይ ስራሕ ጽፍሒ ተመሳሲ ውዳበታት ክካየድ ምጽንሑ ኣረዲኡ።

ኣብቲ ብ2016 ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ጠይብ ኤርዶጋን ዝተፈተነ ወተሃደራዊ ዕልዋ፡ ሓያሎ ኣባላት ሓይሊ ምክልኻልን ፖሊስን ዝተሳተፉዎ እኳ እንተነበረ፡ ብደገፍቲ መንግስቲ ክፈሽል ከም ዝኸኣለ ይዝከር። ኣብቲ ፈተነ ዕልዋ ኣስታት 250 ሰባት ምማቶም ጸብጻባት ይሕብሩ።

ንቲ ዝተኻየደ ፈተነ ዕልዋ፡ ፈትሑላህ ጉለን ዝተባህለ ኣብ ኣመሪካ ብስደት ዝነብር ሼኽ ከም ዘዋደዶ እያ ቱርኪ ትገልጽ። ኣመሪካ ኣሕሊፋ ክተረክቦ ቱርኪ ክተቕርቦ ዝጸንሐት ሕቶ ክሳዕ ሎሚ ተቐባልነት ኣይረኸበን ዘሎ።

ኣብ መላእ ቱርኪ ብዘተገብረ ዳህሳስ፡ ናይቲ ዕልዋ ደገፍቲ ዝተባህሉ ኣስታት 77 ሽሕ ሰባት ተታሒዞም ከም ዝነበሩ ዝሕብር ሮይተርስ፡ 150 ጀነራላት ዝርከቡዎም 15 ሽሕ ኣባላት ሓይሊ ምክልኻል ካብ ስራሕ ከም እተሰጉ ይገልጽ። ኣስታት 150 ሽሕ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኸኣ ካብ ስራሕ ከም ዝተፋነዉ ወሲኹ ይሕብር።

# ሶርያ - ዳዕሽ ኣብ ጸቢብ ቦታ ተሓጺሩ ይከላኸል

ብኣመሪካ ዝድገፉ ዕጡቓት ኣንጻር ዕጡቓት ዳዕሽ ኣብ ሶርያ ክካይዱዎ ዝቐነዩ ኩናት፡ ብርቱዕ ወተሃደራዊ ተጻብኦ ከምዘጋጠሞ ተሓቢሩ።

እቶም ብኣመሪካ ዝደገፉ ዕጡቓት፡ ኣብዚ ቐንያት'ዚ ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ ደገፍ እናሃቦም ንሓያሎ ናእሽቱ ከተማታትን ቁሸታትን እኳ ናጻ እንተኣውጽኡ፡ ተሪፉ ዘሎ ሓይሊ ዳዕሽ ኣትኪሉ ይዋጋእ ስለ ዘሎ ግን ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ - ካብቲ ዝሓዞ ቦታታት ቀልጢፉ ኪለቕቕ ኣይከኣለን። ኣመሪካ፡ ዳዕሽ ካብቲ ዓስኪሩሉ ዘሎ ጸቢብ ቦታ ኣብ ውሑዳት መዓልታት ተጸሪጉ ከም ዝወጽእ ኪትገልጽ ምቕናያ ይፍለጥ።

ብዘሒ ኣባላት ዳዕሽ ኣብ ዴር ኣዙር ዝተባህለት ነቝጣ ክንደይ ከም ዝነበሩ ዘይሕብሩ ምንጭታት፡ ኣብዚ ግዜ እዚ ኣስታት 600 ኣባላት ኣትኪሎም ካብ ቦታኦም ምልቃቕ ኣብዮም ከምዘለዉ የረድኡ። እዞም ኣብ ዴር ኣዙር ዝርከቡ ምስ ተደምሰሱ፡ ዳዕሽ ጠፊኡ ክበሃል ዝከኣል እንተኾይኑ ኣብ መጻኢ ከም ዝረአ ምንጭታት የረድኡ።

ቢቢሲ ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ብምውካስ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ኣብ ሶርያን ዒራቕን ካብ 14 ሽሕ ዝበዝሑ ዓሳክር ዳዕሽ ከምዘለዉን፡ ካብኣቶም ድማ እቶም 3 ሽሕ ብፍታዎም ዝኸተቱ ወጻእተኛታት ከምዝኾኑን ይሕብር።

# ፍልስጤማውያን ንዋዕላ ዋርሶው ይቃወሙ



ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ፍልስጤማውያን፡ ሃገራት ኣዕራብ ኣብቲ ብኣመሪካ ዝተጻወዐ ኣብ ፖላንድ ዝካየድ ዋዕላ ማእከላይ ምብራቕ ከይሳተፉ ጻውዒት ከም ዘቕረበ ተሓቢሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሪያድ ማሊኪ፡ እቲ ዋዕላ ሕቶ ፍልስጤማውያን ንምድኻም ዝተዋደደ ከም ዝኾነ ድሕሪ ምግላጹ፡ ሃገራት ኣዕራብ ናብቲ ኣኼባ ልኡኻት ከይሰዱ ምሕጽንታ ኣቕሪቡ። ሃገራት ዓረብ ናብቲ ዋዕላ ወኪል ክልእኻ ምስ ዝደልያ ግን፡ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ዘይኮነስ ታሕተዋይ ናይ ቤት ጽሕፈት ሰራሕተኛ ክሰዳ ኣዘኻኺሩ።

ኣብቲ ኣብ ፖላንድ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ዋዕላ ማእከላይ ምብራቕ፡ እስራኤል ብደረጃ ቀዳማይ ሚኒስተር ከም እትውከልን፡ ስዑዲ ዓረብን ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ከኣ ሚኒስትራት ጉዳያት ወጻኢ ከም ዝልእኻን ተፈሊጡ ኣሎ።

እስራኤል ንጉዳይ ፍልስጤማውያን ንቕድሚት ዘሰጉም ፖሊሲ ኪትክተል ብዘይምኽኣላ፡ ዘበዝሓ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ምስ እስራኤል ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክምስርታ ከም ዘይከኣላ ጸብጻባት የረድኡ። ሓያሎ ካብ ሃገራት ወሽመጥ ድማ ኢራን ከተርእዮ ንእትኽእል ዕብለላ ብምስጋእ፡ ምስ እስራኤል ናይ ሓባር ስምዒታት ከምዘለወን ይእመን።

እቲ ኣብ ዋርሶው ርእሲ ከተማ ፖላንድ ኪካየድ ተመዲቡ ዘሎ ዋዕላ፡ ፍልስጤማውያን ዝሽሰቡሉ ከም ዘይኮነን ቃልሶም ንምድኻም ዝሃቀነ ከምዝኾነን ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ፍልስጤማውያን ይገልጽ።

# ቬትናም ንሰሜን ኮርያ ኣብነት ኪትኮና?



መራሕቲ ኣመሪካን ሰሜን ኮርያን ኣብ መወዳእታ ናይዚ ወርሒ እዚ ኣብ ሃኖይ ርእሲ ከተማ ቬትናም ክራኸቡ ብምምራጾም፡ እታ ሃገር ኣብ ውሑዳት ዓመታት ካብ ድኽነት ተንሲኣ ብቑጠባ ኪትሕይል ዝወሰዶቶ ኣብነታዊ ስጉምቲ ኣቓልቦ ሃገራት ዓለም ከም ዝስሕበ ተሓቢሩ።

ቬትናማውያን ናይ ቁጠባ ፖሊሲታቶም ብምምሕያሽ ብቋንቋኦም 'ዶይ ሞይ' ተባሂሉ ዝፍለጥ መደብ ምሕዳስ ብምትእትታው፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ብቑጠባ ሓያላት ዝኾኑሉ ምኽንያት ንሰሜን ኮርያ እውን ከም ኣብነት ክኸውን ከም ዝኽእል ኣመሪካውያን ፖለቲከኛታት ክሕብሩ ምጽንሖም ምንጭታት የረድኡ።

ቬትናም ብውግእ ንኣመሪካ ዝሰዓረት፡ ሰሜንን ደቡብን ቬትናም ብወተሃደራዊ ሓይሊ ናብ ሓድነት ዘምጽኣት፡ ቀንዲ ጸላኢት ኣመሪካ ዝነበረት፡ ሕጂ እውን ብሰልፊ ኮመኒስት (ዴሳዊ ሰልፊ) እትምራሕ ሃገር ኩይና፡ ኣብዚ ግዜ እዚ ምስ ኣመሪካ ዘለዋ ምሕዝነትን ሰቲትን ንሰሜን ኮርያ ኣርኣያ ክኸውን ከም ዝኽእል ትጽቢት ኣመሪካ ከም ዝኾነ ጸብጻባት ይገልጹ።

ሓንቲ ካብ ድኻታት ሃገራት ዓለም ዝነበረት ቬትናም፡ ብዘካየደቶ ናይ ተሃድሶ መደባት፡ ሓፈሻዊ ዘቤታዊ ፍርያታ ልዕሊ 6 ሚእታዊት እናዓበየ ከም ዝመጸ፡ ኣብ 2018 ካብ ናይ ኣመሪካ ብዕጽፊ ከም ዝዓበየን ምንጭታት የረድኡ።

ሰሜን ኮርያ፡ ከም ቬትናም ኣብ ሓጺር ግዜ ክትምዕብል ከም እትኽእል ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ብቑጠባ ሓያል ክትኮውን ዝኽእል ዝተማህረን ዝሰልጠነን ሰብኣዊ ሓይሊን ባህርያዊ ሃብትን ከም ዘለዋ የረድኡ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሰሜን ኮርያ ብዛዕባ ቁጠባዊ ምዕባለ ቬትናም መጽናዕቲ ንምክያድ ኣብ ሃኖይ ቀጸሉ ከም ዝነበረ፡ ኣብዚ ቀንያት ድማ ላዕለዋይ ልኡኽ ቬትናም ናብ ሰሜን ኮርያ ከም ዝዓዘዘ ምንጭታት ይሕብሩ።

# ህንዲ - ባህላዊ መስተ ህይወት ሓያለ ሰባት ይቐዝፍ



ኡታር ፕራደሽ ኣብ ዝተባህለት ናይ ህንዲ ዞባ፡ ኣብ ገዛ ዝተማስረሐ ኣረቂ ስቲዮም ካብ ዝተሰመሙ ሰባት እቶም 100 ብኡ ንብኡ ከም ዝሞቱ ተሓቢሩ። ብዘይካ እቶም ዝሞቱ፡ ካልኦት ሓያሎ ዝተሃስዩ ኣብ ሆስፒታላት ተዓቚቦም ከም ዘለዉ ተፈሊጡ ኣሎ።

እቲ ኣረቂ ናብ ሰሚ ዝተቐየረሉ ምኽንያት፡ ምእንቲ ክሒይል ወይ ከኣ ኣሰካሪ ክኸውን ኢንዱስትርያዊ ኣልኮል ስለ ዝተሓወሶ ከም ዝኾነ ሰብ መዚ ናይቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ኣብቲ ከባቢ ብስድራቤታት እናተጻረየ ናብ ዕዳጋ ዝወርድ ኣረቂ እኽሊ ብሕጊ ክልኩል ከም ዝኾነ ዝገልጹ ሰብ መዚ ህንዲ፡ እቲ ልምዲ ግና ብሕቡእ ከም ዝቕጽል ሓቢሮም።

ኣብዚ ቐንያት እዚ ጥራይ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ሸቐጥ ዘይሕጋዊ ኣረቂ ተዋፊሮም ዝተረኽቡ ኣስታት 3 ሽሕ ሰባት ተገፊፎም ተታሒዞም ከምዘለዉ ተፈሊጡ ኣሎ።

ንቲ ጥዑይ ኣረቂ 'ሚታኖል' ወይ ከኣ ናይ ፋብሪካታት ኣልኮል እንድሕር ተሓዊሱዎ፡ እቲ መስተ ናብ ሰሚ ከም ዝቕየርን ህይወት ሰብ ከጥፍእ ከምዝኽእልን ክኢላታት የረድኡ። ሚታኖል ወይ ከኣ ኢንዱስትርያዊ ኣልኮል ካብቲ ካብ እኽሊ ዝጸረ ኣልኮል ዝተፈልየን መርዛምን ምዃኑ ይፍለጥ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ቅሳት | 13/2/19 | ጎደና ሓማሴን ቁ.45፡ ከባቢ ማይ ኣባሻውል | 110911 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565